ኢፕድ
# ወጋሕታ
4ይ ዓመት ቑፅሪ 45 9 መስከረም 2017 ዓ.ም
ሓሙስ
ብር 10.00



# ትኹረት ዘድልዮ ዓውደ ትምህርቲ

**መኣርግ ገ/ሄርን መሰረት ገ/ዮሃንስን**

**ትንታነ- ዜና**

ሓንቲ ሃገር ኩለመዳያዊ ለውጢ ክህልዋ እንድሕር ደኣ ኮይኑ ዝተመሃረ ዜጋ ክህልዋ ናይ ግድን 'ዩ፡፡ ብዙሓት ምዕቡላት ሃገራት ዓለም ናብ ጠርዚ ምዕባለ ዝበፅሓ ዝተመሃረ ዜጋ ብምውናንን 'ዩ፡፡ ስለዚ ትምህርቲ ዓብዪ ትኹረት ዘድልዮ ሴክተር ከም ምኳኑ መጠን ሃገርና ኢትዮጵያ ነዚ ግቡእ ትኹረት ከትህቦ ይግባእ፡፡ ቅድሚ ሕዚ ግቡእ ትኹረት ስለዘይተዋሃቦ ብዙሕ ተማሃራይ ናይ መሕለፊ ነጥቢ እናረኸበ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ትግራይ እንተሪእና በጀካ ውሱናት ተማሃሮ መብዛሕተኦም መሕለፊ ነጥቢ ዝረኸቡ ኣይኮኑን፡፡ ስለዚ ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩ ፀገማት ነቔስካ ብምውፃእ ክስርሑ ዝግበኦም ነገራት ብትኹረት ምስራሕ የድሊ፡፡ ነዚ ድማ ኩሉ መዳርግቲ ኣካል ክሰተፍ ክኽእል ኣለዎ፡፡

ኣብ ትግራይ ን2017 ዓ.ም ኣብ 2016 ዓ.ም ዝነበሩ ፀገማት ትምህርቲ ብኣግባቡ ብምግምጋም ዝሓሸ ነገር ንምስራሕ ምንቅስቓስ ከም ዘድልን ከም መንግስቲ ድማ

ትኹረት ዘድልዮ .... ገፅ 6

# በዓል መስቀል ሃይማኖታውን ባህላውን ክብርታቱ ሓልዩ ክበዓል እኹል ምድላው ከምዝተወገነ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- በዓል መስቐል 2017 ዓ.ም ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዓጋመ ሃይማኖታውን ባህላውን ክብርታቱ ሓልዩ ክበዓል እኹል ምድላው ከምዝተገብረ ኣሰናዳኢ ኮሚቴ መስቀል ዓጋመ ገሊፁ፡፡

ኣሰናዳኢት ኮሚቴ መስቀል ዓጋመ 06 መስከረም 2017 ዓ.ም ኣብ ቅድመ ምድላው ኣከባብራ በዓል መስቀል ዓጋመ ኣመልኪቱ ንጋዘጤኛታት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ ተረኺቦም መልእኽቲ ዘሕለፉ ኣካያዲ ስራሕ መንበረ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን ላዕለዋይ ቤተክህነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ሃገረ ስብከት ዞባ ምብራቕ ትግራይ መጋቤ ሃዲስ በርሀ ተስፉ መስቀል፣ መስቀል ምልክት ፍቕሪ፣ ሰላምን ሓድነትን ብምኳኑ ከምቲ ሽግ ተጠሚሩ ብርሃን ዝህብ ንሕና 'ውን ኩለመዳያዊ ዓቕምና ብምውዳድ ሓበራዊ ስራሕ ክንሰርሕ ይግባእ ኢሎም።

በዓል መስቀል .... ገፅ 6





# ኣብ ክልል ትግራይ ዝጋፋሕ ዘሎ ሕማም ዓሶ ንምዕጋት ፍሉይ ቐላሕታ ከም ዘድልዮ ተሓቢሩ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ዝጋፋሕ ዘሎ ሕማም ዓሶ ንምዕጋት ፍሉይ ቐላሕታ ከም ዘድልዮ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

መተሓባበሪ ጉጅለ ምቁፅፃርን ምክልኻልን ሕማማት ክልል ትግራይ ኣይተ ኣረጋይ ገብረመድህን ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፣70 ሚኢታዊ ማሕበረሰብ ክልል ትግራይ ኣብ ኸቢድ ፅዕንቶ ሕማም ዓሶ ይርከብ፤ እዚ ንምቕራፍ ድማ ፍሉይ ቆላሕታ ትካላትን ገበርቲ ሰናይን የድልይ፡፡

ብምኽንያት ኲናት ትካላት ጥዕናን ሰብ ሞያ ጥዕናን እቲ ክልል ኸቢድ ማህሰይቲ ስለ ዝገጠሞን ድሕሪኡ ድማ ምትዕርራይ እተን ትካላት ይኹን ዘድልይ መጠን እታዎት ምምላእ ብዘይምኽኣሉ፤ሕማም ዓሶ ካፍቲ ቕድም ክብል ዝነበሮ ብርኪ ኣዝዩ ወሰኽ እናርአየ 'ዩ ኢሎም፡፡

እቶም መተሓባበሪ ከም ዝበልዎ፤ሕማም ዓሶ ዳርጋ ኣብ መላእ ትግራይ ከምዝርኣይን ብፍላይ ድማ ኣብ ዓሰርተ ወረዳታት ኣዝዩ ኸቢድ ብርኪ ከም ዝበፅሐ ብምሕባር፤ኣብ ከባቢ ቆላታት ተምቤን ፣ቐይሕ ተኸሊ፣ደቡብ ራያ ጨርጨር፣ሰሜን ምዕራብ ኣስገደ፣ኣድያቦ፣ዓዴትን ኻልኦትን ኣብ ኸቢድ ብርኪ ከም ዝርከባ ድሕሪ ምሕባር ብወገን መንግስትን ገበርቲ ሰናይን ቖላሕታ ተገይርሉ ፍታሕ ንክናደይ ተዛሪቦም፡፡

ምኽንያት እቲ ሕማም ኢሎም ዘቐመጥዎ ፀገማት ስርዓት ዝርገሐ ጥዕና፣ሕፅረት እኹል ሰብ ሞያ ጥዕና፣ሕፅረት ዛንዜራን መንፀጊ ኬሚካል መድሓኒት ከም ዝኾነ ብምሕባር ብተወሳኺ ድማ ለውጢ ከባብያዊ ኣየር ክኸውን ከም ዝኽእል ጠቒሶም፡፡

ሕብረተሰብ ካፍቲ ሕማም ንኽከላኸል ቕድም ክብል ዛንዜራ ዝነበሮ ብኣግባቡ ክጥቀምን ኣብ ደገ ከየምስዩን ዝሓበሩ እንትኾኑ ዛንዜራ ዘይብሎም ብፍላይ ኣዴታትን ህፃውንትን በቲ ዘለዎም ጨርቂ

ኣብ ክልል ትግራይ .... ገፅ 6



«በዓላት ኣደባባይ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህላውን ሃይማኖታውን ትሩፋት ብምድማቕ ግደኦም ብዙሕ'ዩ »

- መምህር ሚካኤል ግርማይ

ገፅ 5

ኣብ ዕብየት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ተስፋ ዘሕደረ መዓልቲ ቱሪዝም

ገፅ 4

# ሓርበኛ ናይ ሰላም ተቓላሲ - ፕሮፌሰር በየነ ጴጥሮስ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ሓተታ- ዜና

«በየነ ጴጥሮስ (ፕሮፌሰር) ሓርበኛ ሃገራዊ ሰላማዊ ተቃላሲ ‘ዮም ነይሮም» ይብሉ ኣረጋዊ በርሀ (ዶ/ር)። ከም ካልኦት ከይተገለባበጡ ብሰላማዊ መንገዲ ብምቕላስ ለውጢ ክነምፅእ ንኽእል ኢና ብምባል እናተቓለሱ ዝነበሩን ኣብ ሰላማዊ ቓልሲ እምነት ዝነበሮምን ‘ዮም ነይሮም ይብሉ፡፡ ብውግእ ዝመፅእ ለውጢ ከምዘየለ ይዛረቡ ከምዝነበሩ ‘ውን ይዛረቡ።

ኣብ ኢትዮጵያ ንብርክት ዝበሉ ዓመታት ኣብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ካብ ዝፀንሑ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ሓደ ምንባሮም ዝገለፁ ኣረጋዊ በርሀ (ዶ/ር)፤

ኣብ 1983 ዓ.ም ኣብ ዝጀመረ ቃልስታት ምስኦም ብቐረባ ይሰርሑ ምንባሮም ይዛረቡ። “ብፍላይ ንኣስታት ሰላሳ ዓመት ኣብ ስደት ኣብ ዝነበርናሉ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ኮይኖም ሰላማዊ ቃልሲ የካይዱ ነይሮም።”

በዚ ኣብ ወፃኢ ኮይና ነካይዶ ንዝነበርና ቃልስና ንምውህሃድ ሰሪሖም ‘ዮም” ዝበሉ ኣረጋዊ በርሀ (ዶ/ር)፤ ምስ ካልኦት ኣባላት ፖለቲካዊ ፓርቲ ዝነበሮም ርክብ ምስቲ ሓርበኝነት ሃገራዊ ሰላማዊ ቓልሲ ዝሰማማዕ ምንባሩ ይጠቕሱ። ንኢትዮጵያ ክቕይራ ይኽእል ‘ዩ ኢሎም ዝኣምኑሉ ሓሳብ ንምቕባል ዝኾነ ይኹን ቅድመ ኩነት ከምዘየቐምጡ ዝጠቐሱ ኣረጋዊ (ዶ/ር)፤ መምህር ምኳንን ፖለቲከኛ ምኳንን ከምዘይጋጮ ‘ውን የመልከቱ።

ሰላማዊ ቃልሲ ምስ ዝኸተሉ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ፅቡቕ ርክብ ከም ዝነበሮም ይጠቕሱ። በኣንፃሩ ምስ ኲናት ዝደልዩ ኣካላት ድማ ሰላማዊ ቃልሶም ዘንፃባርቕ ርክብ ከምዝነበሮም ዝገልፁ ኣረጋዊ በርሀ (ዶ/ር)፤ ኣብዚ ሰለስተ ዓሰርተታት ዓመታት ዝተሳገረ ናይ ኣዳባባይ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሶም ብዙሕ ፀገማት ብጎንፂን ቶኽሲን ክትፈትሕ ምፍታን ልምዲ ዝኾነላ ኢትዮጵያ፣ንኹሉ ሰዓራይ ዝገብር ብጠበንጃ ከይኮነስ ኣብ ዓውዲ ሓሳብ ትኹረት ምግባር ዝሓሸ ምኳኑ ከምዘመስከሩ ይዛረቡ፡፡


ኣቦ መንበር ሓባራዊ ቤት ምኽሪ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ኣቶ ደስታ ዲንቓ ብግዲኦም፤ በየነ ጴጥሮስ (ፕሮፌሰር) ኲናት ንመብዛሕትኡ ህዝቢ ህልቂት እምበር ሰላም ከምፅእ ኣይረኣናን ዝብል ሓሳብ ዘስፋሕፍሑ ፖለቲከኛ ምንባሮም ይገልፁ። ብውግእ ዝፍታሕ ፀገም የለን ዝብል እምነት ከምዝነበሮም ይገልፁ፡፡

ስለዚ ፖለቲከኛታት ነዚ እምነት እዚ ክቕፅልዎ ከም ዘለዎም የረድኡ። በየነ ጴጥሮስ (ፕሮፌሰር) መምህር ምኳኑን ፖለቲከኛ ምኳንን ኣይተጋጨወሙን። ኣብ ቤት ትምህርቲ ብሉፅ መምህርን ተመራማሪን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ናይ ሓሳባት ተማጓቲ ‘ዮም ኔሮም ይብሉ።

ፖለቲካ ኾነ መምህርነት ከይሓዋወሱ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም መድረኽ ብዝግባእ ዝዋፅኡ ዝነበሩ ‘ዮም፡ ፡ እዚ ንጥፈት ክቕፅል ኣለዎ ይብሉ። ንብዙሓት ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ብሰላማዊ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ዝፍለጡ በየነ ጴጥሮስ (ፕሮፌሰር)፤ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ከም መምህር ኮይኖም ከገልግሉ ዝፀንሑን ካብ 4 ጳጉሜን 2012 ዓ.ም ዋና ዳይሬክተር ኢንስቲትዩት ፅንዓት ፖሊሲ ኮይኖም ብቐዳማይ ሚንስትር ኣቢይ ተሸይሞም ከግልግሉ ምፅንሖም ዝዝከር ‘ዩ፡፡

ብዝሓደሮም ሕማሞም ብሕክምና ድሕሪ ክሕገዙ ምፅነሖም፤ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዮም ኣለዉ። ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳር ገፆም ኣብዘሐለፍዎ ናይ ሓዛን መግለፂ፤ ፕሮፌሰር በየነ ጴጥሮስ ንውሕ ንዝበለ እዋን ብሕክምና ክሕገዙ ፀኒሖም ካብዛ ዓለም ብሞት ምፍላዮም እንትሰምዕ ካብ ልበይ ሓዚነ ኣለኹ ክብሉ ሓዘኖም ገሊፆም ‘ዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ሃናፂ ፖለቲካዊ ባህሊ ንምፍጣር ዓቢዩ ኣበርክቶ ዝገበሩ ምልክት ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ምንባሮም ‘ውን ገሊፆም ‘ዮም። ቀዳማይ



ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ፕሮፌሰር በየነ ጴጥሮስ ዘፅንሕዎ ውርሲን ቐርስን ፀኒዑ ክቕፅል ከምዝለዎ ብምግላፅ፣ ነፍሶም ብሰላም ክትዓርፍ ተመንዮም ‘ዮም።



# ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ይግባእ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅ ኣብ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዝተጀመሩ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ከምዝግባእ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ፕረዚዳንት ጌታቸው ረዳ ኣገንዚቦም፡፡

ናይቲ ክልል ቢሮ ሃፍቲ ሕርሻን ተፈጥሮን ናይ 2016 በጀት ዓመት ትልሚ መድረኽ ገምጋም ተኻይዱ፡፡

ኣይተ ጌታቸው ረዳ ኣብቲ እዋን ከምዝበልዎ፣ ኣብቲ ክልል ናይ ምግቢ ውሕስና ናይ ምርግጋፅ ጉዳይ ብትኹረት እናተሰረሐሎም ካብ ዝርከበሎም እቲ ሓደ ‘ዩ፡፡ መንግስቲ ሕርሻ ንምዝማን ቖላሕታ ብምሃብ እናሰርሐ ከምዝኾነ ኣይተ ጌታቸው ገሊፆም፡፡

ኣብ 2016 ዓመት በጀት ቀረብ እታዎታት ብምምሕያሽ፣ ሕርሻ ብምዝማንን ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብ ረብሓ ብምውዓል ከምኡ ‘ውን ብመሰል ዘፈራት ውፅኢታዊ ስራሕቲ ከምተሰርሑ ኣብሪሆም፡፡

ከም ፀብፃብ ግዜኢ፣ ኣብቲ ክልል ዘሎ ሃፍትን ዓቕሚን ብምጥቃም ተጠቃምነት ሓረስታይ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዝድነቑ ከምዝኾኑ ብምግላፅ፤ ተግባር በቢደረጃኡ ዝርከቡ ኣባላት ኣማራርሓ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝልካዕ ተጠቃምነት ህዝቢ ዘረጋግፁ ስራሕቲ ብምስራሕ ‘ዩ ኢሎም፡፡

ሙሉእ ዓቕሚ ስራሕና ልምዓትን ምጥንኻር ዳግመ ህንፀት ክኸውን ኣለዎ ክብሉ ብምግንዛብ፤ ውሕስና ምግቢ ናይቲ ክልል ንምርግጋፅ ኣብ ልምዓት እንስሳትን ተፈጥሮ ሃፍትን ከምኡ ‘ውን ኣብልምዓት መስኖ ሕርሻ ብምዝማን ዝተጀመሩ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ኣለዎም ክብሉ ኣታሓሳሲቦም፡፡

# ኣካውንት ሳተላይት ንቱሪስትታት ዝተደራጀወን ንጡፍ ግልጋሎት ሓበሬታ ዝህብ‘ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ናይ ኢትዮጵያ ቱሪዝም ሳተላይት ኣካውንት ንበፃሕቲ ዓዲ ዝተደራጀወ ሓበሬታን ስሉጥን ኣገልግሎት ከምዝህብ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ኣፍሊጡ።

ሚኒስትር ቱሪዝም ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ ኣብ ምጅማር መርሃ ግብሪ ኣካውንት ሳተላይት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ከም ዝገለፅዎ፤ ኢትዮጵያ ብታሪኻዊ፣ ተፈጥሮኣውን ባህላውን ቱሪዝም ሃብታም ሃገር ‘ያ። ዘለዋ ናይ ቱሪስት ንጎብነይቲ ንምፍላጥ ዝሕብር ናይ ቱሪዝም ሳተላይት ኣካውንት ተዳልዩ ኣሎ።

መንግስቲ ኣብታ ሃገር ዘለዉ ናይ ቱሪስት ቦታታት ብምልማዕ ነቲ ዘፈር ንምዕባይ እናሰርሐ ከምዝርከብ ዝገለፃ ኣምባሳደር ናሲሴ፣ ነዚ ድማ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ቱሪዝም ሳተላይት ስርዓት ኣካውንት ምልምዑ ሓደ ኣብነት ናይዚ ‘ዩ ክብላ ተዛሪበን።

ኣካውንት ሳተላይት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ዕላው ምኳኑ ኣብቲ ዘፈር ዝነበረ ዝተደራጀወ ናይ ሓበሬታ ውሱንነት ብምፍታሕ ንበፃሕቲ ዓዲ ስሉጥ ኣገልግሎት ዝህብ ምኳኑ ኣፍሊጠን።

እቲ ሳተላይት ኣካውንት ክንደይ በፃሕቲ ዓዲ ናብታ ሃገር ከም ዝመፁ፣ ክንደይ ግዜ ከም ዝፀንሑ፣ ኣብ ቁጠባ ክንደይ ከም ዘፍሰሱ፣ ቱሪዝም ኣብ ሓፈሻዊ ሃገራዊ ፍርያት እታ ሃገር ክንደይ ዝኣክል ኣበርክቶ ከም ዘለዎ፣ ምሕደራ ሓበሬታ ቱሪዝም ንምዝማን፣ ቱሪዝምን ምስ ካልኦት ዓውድታትን ዘለዎ ምትእስሳር ንምፍላጥን ካልኦት ብዙሓት ረብሓታት ከምዘለዎ ኣብሪሀን።

ኢትዮጵያ ዘለዋ ዓሚቕ ሃፍቲ ቱሪዝም ክተብልፅግ ብዘይምኽኣላ፣ ካብቲ ዓውዲ ዝግብኣ ረብሓ ከይረኸበት ምፅናሓ ብምዝኽኻር፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘሎ መንግስቲ ግና ነቲ ዓውዲ ዓብዩ ትኹረት ብምሃብ ቱሪዝም ንምዕባይ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊፀን፡፡

ቱሪዝም ንቁጠባዊ ልምዓት ሃገርና፣ ሽርፊ ወፃኢን ፈጠራ ዕድል ስራሕን ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኣብ ዝተፈላለዩ



**ናሲሴ ጫሊ**

ከባቢታት ሃገርና ዝርከቡ ናይ ቱሪዝም ቦታታት ናይ ምልማዕ ስራሕቲ ተጣናኺሩ ከምዝቕፅል ኣመላኺተን።

ዋና ዳይሬክተር ኣገልግሎት ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ በከር ሻሌ (ዶ/ር) ብወገኖም፤ ኢትዮጵያ ዘለዋ ዓሚቕ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ባህልን ልምድን ብዝተደራጀወ መንገዲ ኣብ ግልጋሎት ከየውዐለት ምፅንሓ ገሊፆም፡፡

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ሃገርና ፈላማይ ናይ ቱሪዝም ሳተላይት ኣካውንት ምትግባር ዓውዲ ቱሪዝም ዘዐቢ ከምዝኾነ ብምጥቓስ፤ ዝተደራጀወን ቀፃልነት ዘለዎ ሓበሬታ ስታቲስቲክስ ቱሪዝም ብምሓዝ ስሉጥ ናይ ሓበሬታ ፍሰት ክህሉ ዘኽእል ‘ዩ ኢሎም፡፡

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ሰላም ንዕውት ምምሃር ምስትምሃር

ንዕብየት ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካውን ባህላውን ሓንቲ ሃገርን ህዝብን ብሓፈሻ ድማ ንምዕባለ ሂወት ደቂ ሰባት፣ ካብ ዘድለዩ ነገራት ሓደን ዋናን ማሕበራዊ ግልጋሎት 'ዩ፡፡ ካብ ማሕበራዊ ግልጋሎታት ዝኾኑ ድማ ዘፈር ትምህርቲ ሓደን ወሳንን 'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ብዘይ ትምህርቲ ወይ ብዘይተምሃረ ሓይሊ ሰብ ኩሉ ዓይነት ዕብየት ዝሕሰብ ኣይኮነን፡፡ ከምኡ 'ውን ዕብየት ትምህርቲ ሓደ ማሕበረሰብ ኾነ ሓንቲ ሃገር ብዘይ ሰላም ኣብዚ እቶ ዝብሃል ውፅኢት ከምፅእ 'ዩ ኢለካ ዝሕሰብ ኣይኮነን፡፡

ነዚ 'ውን 'ዩ ብስእነት ሰላም ደው ኢሉ ዝነበረ ትምህርቲ ትግራይ ብስምምዕነት ፕሪቶርያ ዘተረኽበ ሰላም ፍረ ከፍሪ ጀሚሩ ዘሎ፡፡ ብፍላይ ኣብ ትግራይ ክህብኦ ጀሚረን ብዘለዋ ማሕበራዊ ግልጋሎታት ዛጊድ ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ተስፋ ዝህብ ውፅኢታት ክርኣይ ይጅምር ኣሎ፡፡ ተምሃሮ ትግራይ ብሰንኪ ስእነት ሰላም ንዓመታት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ድሕሪ ምፍላዮም፤ ሐዚ ብዝተረኽበ ሰላም ግና ናብ ዘቋረፅዎ ትምህርቲ ክምለሱ ጀሚሮም ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ካልኦት ተምሃሮ እታ ሃገር 'ውን ኣብ ሓደ ብሄራዊ ፈተና ተፈቲኖም ብኣንፃር ኣብቲ ሃገር ዘሎ ውፅኢት ፈተና ፅቡቕ ዝብሃል ውፅኢት ከምፅኡ ጀሚሮም ኣለው፡፡

ነዚ ድማ ናይ ዝሓለፈ ዓመት 2016 ውፅኢት ሃገራዊ ፈተና ምስክር 'ዩ፡፡ ማለት 'ውን ኣብ ታሪኽ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ኢትዮጵያ ንፈለማ እዋን ልዑል ውፅኢት 675 ካብ 700 ከምዝተመዝገበ ካብ ሚኒስትር ትምህርቲ ምፍላጡ ይዝከር፡፡ እዚ ድማ ብብርኪ ሃገር ዝለዓለ ውፅኢት ፈተና ኣብ ትግራይ ንክምዝገብ ተኻኢሉ 'ዩ፡፡ እዚ ውፅኢት ዝተረኽበ ድማ ብዝተረኽበ ሃዋህው ሰላም ምኧን ዝርሳዕ ኣይኮነን፡፡

መንግስቲ ፅርየት ትምህርቲ ንክህልው ኣብ ትካላት ትምህርቲ ብፍላይ ድማ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ እናተገበሩ ዝርከቡ ስራሕቲ ለውጢ ውፅኢታዊ ንምግባር ዝምልከቶም ሓለፍትን መዳርግቲ ኣካላትን ብትብዓት ንከሰርሑን ብፅሒቶም 'ውን ብግቡእ ንክዋፅኡ ፃዕሪ እናተገበረ 'ዩ ዝርከብ ዘሎ፡፡

ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ናይዛ ሃገርን ኣብ ኣተገባብራ ዝተጀመሩ መርሃ ግብርታት ለውጢ፣ ዓወታት ለውጥን ዘጋጥሙ ማሕለኻታትን በቢእዋኑ ዘተ እናተገበረ ኣንፈታት ስራሕ እናተወሃበ ጭቡጥ ውፅኢት ንምምፃእ ፃዕሪ እናተገበረ ምኧኑ ምርዳእ ይከኣል፡፡

ብሓፈሻ ፅርየት ዘለዎ ትምህርቲ ንመላእ ኢትዮጵያውያን ተበፃሒ ብምግባር ፀገማት ብእዋኑ ንምፍታሕ፣ ምህዞ ንምስፍሕፋሕ፣ ዘለና ሃፍቲ ብግቡእ ብምልላይ ተወሳኺ ስራሕ ንምፍጣርን ኣብ ረብሓ ንምውዓልን ራእይ ናይ ፅባሕ ሃገር ተረከብቲ ወለዶ ብሩህ ንምግባር ጠቃሚ ከምዝኾነን ብሓፈሻ ኢኮኖምያዊ ዕበየት ንምምፃእ ዓብይ ግደ ኣልዎ 'ዩ፤ ነዚ ድማ ሰላም ሃገር ወሰናይ 'ዩ፡፡ ስለዚ ሰላምን ትምህርትን ክልተ ዘይንፃፀሉ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፃት ስለዝኾኑ ብትኹረት ክስርሐሎም ዓወዲ 'ዮም፡፡

ኣብ ትግራይ ን2017 ዓ.ም ኣብ 2016 ዓ.ም ዝነበሩ ፀገማት ትምህርቲ ብኣግባቡ ብምግምጋም ዝሓሸ ነገር ንምስራሕ ምንቅስቓስ ከም ዘድልን ከም መንግስቲ ድማ ኣድላይ ዝባሃል ሓገዝን ክትትልን ከም ዝግበር ተገሊፁ ኣሎ። ኣብ ትግራይ ምስ ብዙሕ ፀገማቱ ሚያዝያ 2015 ዓ.ም ትምህርቲ ክጅምር ምግባሩ ዝሓሸ ለውጢ ከም ዘምፀአን ኣብ ሃገራውን ክልላውን ዝነበሩ ፈተናታት ተምሃሮ ምስ ብዙሓት ፀገማቶም ዝሓሸ ውፅኢት ኣምፂኦም ኣለው፡፡እዚ ኣብ ዘመነ ትምህርቲ 2017ዓ.ም ንክድገም ምስራሕ የድሊ፡፡

ኣብቲ ክልል ትግራይ ኣብ ናይ ሎሚ ዘመነ ትምህርቲ ብሚሊዮን ዝቖፀሩ ተምሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ከምዝርከቡ ትፅቢት ይግበር፤ ስለዝኾነ ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ እናተሰርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ውፅኢታዊ ብምግባር ከም ሃገርን ክልል ዝሐሸ ውፅኢት ንምምዝጋብ ምስራሕ የድሊ፡፡ ስለዚ ዕውትን ውፅኢታውን ዘመን ትምህርቲ ኮይኑ ንክሓልፍ ማዕረ ማዕረ ዘላቒነት ሰላም ኣብ ምሕላው ንፅባሕ ዘይበሃል ስራሕ ምኧኑ ኩሉ ብምግንዛብ ግደኡ ክፃወት ይግባእ፡፡

ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

ዋና ኣሰናዳኢ
ፍቓዱ ሞላ

ኣድራሻ
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

ኣሰናዳእቲ
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

መከፋፈሊ
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70

# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋም እይኮኑን፡፡

## ሓላፍነት ኹሉ ዝኾነ ፅሬትን ውፅኢትን ተምሃሮ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝተምሃረ ሓይሊ ብዝበዝሐ ቑፅሪ፣ ዕብየት እታ ሃገር 'ውን ብኡኡ ልክዕ እናተረጋገፀ ከምዝኸይድ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቒ 'ዩ። ብምኧኑ ድማ ብዘይ ትምህርቲ ዕቤት ሃገር ክመፅእ ስለ ዘይኽእል ነቲ ኣብ ትምህርቲ ዘጋጥሙ ማሕለኻታት ብምቕራፍ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ግዲኡ ክፃወት ግድን 'ዩ።

ብፍላይ ድማ ኩነታት ትምህርቲ ትግራይ ምስቲ እታ ክልል ኣጋጢምዋ ዝነበረ ዘይምርግጋዕ ስዒቡ ብዙሕ ፀገም በፂሕዎ 'ዩ፡፡ ካብዚ ንምውፃእ ብዝበለፀ ትኹረት ተገይርሉ ብምስራሕ ዘዕግብ ውፅኢት ብምምፃእ፣ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ንባዕሉን ንካልኦት ክልላትን ኣብነት ክኸውን ይግባእ። ኣብ ሓደ ሃገር ኣብ ትምህርቲ ክፍተት ተተፈጢሩ ብቕልጡፍ ዓብይ ዕዕንቶ 'ዩ ዘጋጥም። ብፍላይ ድማ ኣብ ተምሃሮ ዘሕድሮ ስነልቦናዊ ፅዕንቶ ብቀሊሉ ዝረአ ኣይኮነን። ከም ወለዶን ከም ሃገርን ሓደ ብርኪ ንድሕሪት ዝጎትት 'ዩ። ትምህርቲ ናይ ኹሉ መበገሲ ብምኧኑ ፅባሕ ሃገር ተረከብቲ 'ዮም እንብሎም ወለዶ ሎሚ ብዝግባእን ዕንቅፋት ዘይብሉ ትምህርቲ ክማሃሩ ይግባእ። ርግፅ ኣብ ዕብየት ዘላ ሃገር ከም ምኧና ዕንቅፋት ኣየጋጥምን ኢልካ ምሕሳብ ከቢድ 'ዩ ዝኸውን፡፡ ኾይኑ ግና እዚ ፀገም እንትበፅሕ ብቕልጡፍ መፍትሒ ብምቕማጥ ናብ ሰላማዊ ከይዲ ትምህርቲ ምምላስ እቲ ዓብይ ትኹረት ክግበረሉ ዝግባእ ኣካይዳ 'ዩ። እዚ ድማ ካብ መንግስቲ ዝግበር ሓገዛት ጥራሕ ትፅቢት ብምግባር እንተይኾነስ ቀፃሊ ህይወት ተምሃሮ ዘምፅኦ ረብሓ ከም ሃገር ስለዝኾነ ግደ ወለዲ፣ ግዱሳት ተጋሩን መዳርግቲ ኣካላትን 'ውን ተሳትፎ ክህልዎም ይግባእ።

ኣብ ክልል ትግራይ ተፈጢሩ ዝነበረ ፀገም ትምህርቲ ሙሉእ ብሙሉእ ክፍታሕ ኣይካኣለን፡፡ ኾይኑ ግና ፅቡቕ ዝባሃሉ ጅማሮታት እናተርኣየ ይርከብ፡፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ውፅኢት 12 ክፍሊ ብፍላይ ንተምሃሮ ተስፋ ዘለዎ ነገር ተራእዩ 'ዩ፡፡ ተምሃራይ ፍሉይ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቃላሚኖ ዝኾነ ኣብ ሃገር ለኸ ፈተና 12 ክፍሊ 675 ብምምፃእ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ልዑል ውፅኢት ከምዘመዝገበ ይዝከር፡፡ ካልኦት ተኸተልቱ 'ውን ፅቡቕ ዝባሃል ውፅኢት ከምፅኡ ክኢሎም 'ዮም፡፡ እቶም ልዑል ውፅኢት ዘምፅኡ ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዘጋጠሙዎም ክልተ ፈተናታት ኮቪድ-19ን ኹናትን ኣብ ትምህርቶም ልዑል ፅዕንቶ ኣሕዲሩ ከምዝሕለፈ ምግማት ይካኣል 'ዩ፡፡ ኣብዞም እዋናት ዝባኸነ ግዜኦም ብውፅኢት ንምኽሓስ ጠንኪርካ ምስራሕ ብምምራፆም ኣብዚ ብርኪ ንክበፅሑ ኣኺኢልዎም 'ዩ ፡፡

እዚ ውፅኢት ተምሃሮ ንካልኦት ብሰንኪ እቲ ኹናት ስነልቦነኦም ዝተጎድኡ ተምሃሮ ዓብይ መበረታትዕን ተስፋን 'ዩ፡፡ ትምህርቲ ትግራይ 'ውን ካብ ዝነበሮ ፀገም ተላቒቑ ዝሓሸ ውፅኢት ዘመዝግቡ ተምሃሮ ኣብ ከይዲ ምፍራይ ከምዝኸነ ከም መርኣያ ዝጥቀስ 'ዩ፡፡ እዚ ቀፃልነት ንክህልዎ ኩሉ ዜጋ ፃዕሪ ክገብር ኣለዎ። እዚ ብፍላይ ንሚንስቴር ትምህርቲ ጥራሕ ዝግደፍ ጉዳይ ኣይኮነን። ወለዲ፣ ሕብረተሰብ፣ መምህራን፣ መንግስቲ ተምሃሮ ወዘተ ዓብዪ ብፅሒት ከምዘለዎም ምግንዛብ የድሊ። መፍትሒ ንምምፃእን እዚ ውፅኢት ብምምፅኡ ካልኦት ናብ ትምህርቲ ማእዲ ዘይተመለሱ ተምሃሮ ንክምለሱ ኣብ ምግባር ተሳትፎ ኩሉ ሕብረተሰብ 'ውን ኣድላይ 'ዩ። ብዘይ መላእ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ዓውዲ ዓብይ ግደ ዘለዎም ተምሃሮ፣ መምህራን ወለድን መፍትሒ ትኹረት ተዘይገይረምሉ ለውጢ ክመፅእ ኣይኽእልን።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ብፍላይ ኣብ ትግራይ ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ተምሃሮኦም እታዎታት ትምህርቲ ኣብዘይ ተማለአ 'ዮም ዘምህሩ። እዚ ኣብ ዘየተማልአ ኩነታት ትምህርቲ ንክምሃሩ እንትግደዱ ድማ ንፅሬት ትምህርቲ ዘለዎ ኣሉታዊ ግደ ኹላትና እንፈልጦ ጉዳይ 'ዩ። ኸዚ 'ውን እዚ ፀገም ብመንግስቲ ጥራሕ ክፍታሕ ስለ ዘይኽእል ውልቓ ትካላትን ባዓል ሃፍትን ቤት ትምህርቲ ካብ ምህናፅ ጀሚሩ ክሳብ እታዎት መሳርሒ ትምህርቲ ኣብ ምቕራብ ክሳተፉ ግድን 'ዩ።

**ብትምህርቱ ብቑዕ ዝኾነ ወለዶ ንምፍራይ ካብ እታዎታት ትምህርቲ ጀሚሩ እኹል ዝኾነ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክህሉ ይግባእ**

ምኽንያቱም ኸዚ 'ውን ንፅሬት ትምህርቲ ናውቲ ካብ ምቅራብ ጀሚሩ ብዝግባእ ቖላሕታ ክዋሃቦ ኣለዎ። እዚ እንድሕር ዘይኾይኑ ግና ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ዓብዪ ክፍተት ክፈጥር ዝኽእል ምኧኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ድማ ውፅኢት ተምሃሮ ንክወርድ እቲ ዓብይ ዕንቅፋት 'ዩ፡፡ ብትምህርቱ ብቑዕ ዝኾነ ወለዶ ንምፍራይ ካብ እታዎታት ትምህርቲ ጀሚሩ እኹል ዝኾነ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክህሉ ይግባእ።

ፀገማት ፅሬት ትምህርቲ ንምፍታሕ ናውቲ ጥራሕ ኣይኮነን፤ ጉዳይ መምህራን 'ውን ትኹረት ክግበረሉ ዝግባእ። መምህራን ኣብ ውፅኢት ተምሃሮ ዝተመዝገበ ትሑት ኾነ ልዑል ውፅኢት ኣብ ምምፃእ ዓብይ ግደ ከምዘለዎም ዝፍለጥ 'ዩ። ምኽንያቱ መምህራን ዘድልዮም ነገራት እንተዘይተማሊእሎም እቲ ዝተደለየ ውፅኢት ክመፅእ ኣይኽእልን። ብርኪ ናብራ መምህራን ትሑት ምኧን፣ ኣብ ሞያ መምህርነት ዝንፀባረቕ ክፍተት፣ ኣመለኻኸታን ምንኣስ ዓቕሚን ኣብቲ ዓውዲ ንዘጋጠሙ ፀገማት መበገሲ ከምዝኾኑ ግልፂ 'ዩ። እዞም ፀገማት ንምፍታሕ መንግስቲ ሓዊሱ ብዛዕባ ወለዶን ሃገርን ይምልከተኒ 'ዩ ዝብል ኩሉ ክረባረብ ይግባእ።

ብሓፈሻ ኣብ ትምህርቲ ትኹረት ብምግባር ተመሃሮ ዝሓሸ ውፅኢት ከምፅኡን ዝሓሸ ወለዶ ኾይኖም ናይ ፅባሕ ብቑዓት ተረከብቲ ሃገር ክኾኑ ኩሉ በቢዝኽኣሎ ዓቕሚ ክሳተፍ ኣለዎ፡፡ ጉዳይ ትምህርቲ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ እምበር ሓላፍነት ውሱናት ኣካላት ጥራሕ ክኸውን ኣይኽእልን፡፡ ሃገርና ወይ ክልልና ብቕዓትን ተስፋን ዘለዎ ሙሁር ዜጋ ከትረክብ እንድሕር ኮይና ዝተዋደደ ፃዕሪ ኩሉ መዳርግቲ ኣካል ወሳኒ 'ዩ፡፡

# እዋናዊ ዛዕባ

## ኣብ ዕብየት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ተስፋ ዘሕደረ መዓልቲ ቱሪዝም

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኢትዮጵያ ምድሪ ቀዳሞት፣ መርከቢት ዘርኢ ሰብ፣ መሰረትን ንቕናቐ ፓን ኣፍሪካን መግለፂ ሕበረ ብሄራውነትን ሀገር ብምዃናን ሃፍቲ ተፈጥሮኣ፣ ባህላዊ ፀጋታታን ታሪኻን ብዝተደራጀየ መንገዲ ናብ ኣግለግሎት ብምውዓል ካብ ዘፈር ቱሪዝም ዘርፊ ብዙሕ ተረባሒት ክገብራ ዝኽእል ሃፍቲ ዝወነነት ሃገር 'ያ፡፡ እዚ ዘለዋ ልዑል ዓቕሚ ቱሪዝም ንምፍላጥ ዝሕግዝ ካብ ካብ መዓልቲ ቱሪዝም ዓለም ቐድም ኢላ መስከረም 7 ክሳብ 9/2017 ዓ.ም ኣብ ኢትዮጵያ መዓልቲ ቱሪዝም በዝተፈላለዩ ምድላዋት እናኸበረት ትርከብ ኣላ፡፡

እዚ መዓልቲ ቱሪዝም፤ ምኒስተር ቱሪዝም ምስ በዓል መዚ በይነ መንግስታት ልምዓት ምብራቕ ኣፍሪካ (ኢጋድ) ን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኮምሽን ኢኮኖሚክ ኣፍሪካ ብምተሕብባር እናተኸበረ ይርከብ ኣሎ፡፡ ነዚ ዕለት ብምምልካት እናተኸወነ ካብ ዘሎ መርሓ ግብረታት፤ ቱሪዝም ሚኒስትራት ኣባል ሃገራት በይነ መንግስታት ልምዓት ምብራቕ ኣፍሪካ ሓዊሱ ልዕሊ 100 መዳርግቲ ኣካላት ይሳተፉ ከምዘለው ዝተገለፀ ኮይኑ፤ ካብዚ ብተወሳኺ ኢጋድን ኣባላት ሃገራትን ኣብቲ ቀጠና ዛላቒ ልምዓት ቱሪዝም ንምግሃድ ተሓሲቡ ዝተዳለወ ናይ 10 ዓመት (ማስተር ፕላን ዘላቒ ቱሪዝም) ሎምዓንቲ መስከረም 9 2017 ዓ.ም ዕላዊ ከምዝግበር ተሓቢሩ 'ዩ፡፡ ምስ 'ዚ ጎናጎኒ ድማ ናይ ኣባላት ሃገራት ኢጋድ ዓውደ ርእይ ቱሪዝምን ናይ መዳርግቲ ኣካላት ኣኼባ ክግበር 'ዩ፡፡

ናይቲ መርሃ ግበሪ ኣካል ዝኾነ ዕላዊ ምግባር ኣካውንት ሳትላይት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ኣብ ስነ ስርዓት እቲ ምድላው ቅድሚ ትማሊ ዕላዊ ዝተገበረ ኾይኑ፤ እዚ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ መረዳእታ መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ንምቕራፅን ውሳነ ንምሃብን ዘኽእል ሳትላይት ከምዝኾነ ተገሊፁ 'ዩ፡፡ ኣብዚ መኽፈቲ ስነ ስርዓት ሚኒሰትር ቱሪዝም ናንሲ ጫሊን ሚኒስተር ትምህርቲ ብርሃኑ ነጋ ነቲ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ዕላዊ ገይሮም 'ዮም፡፡

ኣብ ትካል ሕቡራት መንግስታት ክፍሊ ቱሪዝምን ሰታስቲክስ፤ ካብ ዓለም ለኸ ትካል ገንዘብን ካልኦት ተሓባበርቲ ትካላትን ብሓባር ብምዃን እዚ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ዝተዳለወ ኾይኑ ፤ ልዕሊ ሓደ ዓመትን ሸዱሽተ ወርሕን ግዘ ከምዝወሰደ 'ውን ተገሊፁ 'ዩ፡፡ መረዳእታት እቲ ኣካውንት ሰኒድካ ብምቕማጥ ካብ ዘፈር ቱሪዝም ዝርከብ ዓቅሚ ኢኮኖሚ ብግቡእ ንምጥቃም ከምዘኽእል 'ውን ተሓቢሩ 'ዩ፡፡



እቲ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ናብዛ ሃገር ክንደይ ዝኣኽሉ በፃሕቲ ዓዲ ከምዝመፅኡን፣ ክንደይ ዝኣክል ግዘ ከምዝፀንሑ፣ ኣብ ኢኮኖሚ ክንደይ ዘኸውን ፈሰስ ከምዝገበሩን እቲ ዓውዲ ቱሪዝም ምስ ካልኦት ዓውድታት ዘለዎ ምትእስሳር ንምፍላጥን ካለኦት ረብሓታት ከምዘርክብ 'ውን ተፈሊጡ 'ዩ፡፡

ነዚ ኣመልኪተን ሚኒስትር ቱሪዝም ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ ከምዝበልኦ 'ውን፤ ኢትዮጵያ ብታሪኻዊ፣ ተፈጥሮኣውን ባህላውን ሃፍትታን መባፅሕታት ቱሪዝምን ዝማዕበለት ሃገር 'ያ፡፡ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ድማ ኣብቲ ዓውዲ ዝነበረ ዝተዋደደ ፀገም ሓበሬታ ምፍታሕ ከምዘኽእልን ብተወሳኺ ቱሪዝም ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ናይ ምቕያር ዓቕሚ ከምዘለዎ ብምግላፅ፤ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እታ ሃገር ዓውዲ ቱሪዝም ንምምዕባል 'ውን እናተሰርሐ ምዃኑ ተዛሪብን 'የን ፡፡

ብተወሳኺ ሃፍቲ ቱሪዝም ሸርፌ ወፃኢን ናይ ስራሕ ዕድል መፍጠሪ ዘርፍን ብሓፈሻ ዓምዲ ዕብየት ሃገር ምዃኑ ዝሓበራ 'ተን ሚኒስትር፤ ብምዃኑ ድማ እዚ ኣቕሚ ሃፍቲ ብምልማዕ ካብቲ ዘፈር ዝግብእና ረብሓ ንምርካብ ሐዚ ብመንግስቲ እናተገበረ ዘሎ ፃዕሪ ዝብረታታዕ ምዃኑ ወሲኸን ገሊፀን፡፡

ኣብዚ መኽፈቲ መድረኽ ተረኺቦም ብዛዕባ ረብሓ እቲ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ሓሳቦም ዝሃቡ ገለ መዳርገቲ ኣካላት ከምበልዎ፤ ዘፈር ቱሪዝም ኢትዮጵያ ብታሪኻዊ፣ ተፈጥሮኣውን ባህላውን ሃፍትታት መስሕብ ቱሪዝም እንተሃለዋ 'ውን ክሳብ ሐዚ ብኣግባቡ ኣልሚዓ ከምዘይተጠቀምትሉ ብምልዓል፤ ኣብ ልምዓት ቱሪዝም መረዳእታ ብምእካብ ዝሰንድ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ብዘይምንባሩ እቲ ዘፈር ተጎዲኡ ከምዝነበረን ሓዚ ግና እዚ ብምቕራፉ ነቲ ዘፈር ዓብዪ ዓወት ከምዝኸውን ምግላፆም ግዜኢ ፀብፂቡ 'ዩ፡፡

ፕሬዚደንት ፌዴሬሽን ኣስራሕቲ ሆቴላት ኢትዮጵያ ፍትህ ወልደሰንበት (ዶ/ር) ከዓ፤ ዘፈር ቱሪዝምን ሆቴልን ልዑል ናይ ስራሕ ዕድል ካብ ዝፈጥሩ እነተኾኑ 'ውን ጉድለት ሓበሬታ ዓብይ ዕንቕፋት ኮይኑ ምፅንሑ ብምልዓል፤ ሐዚ ግና ምጅማር ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ዕላዊ ብምዃኑ ንዕብየት ዘፈር እቲ ቱሪዝም ተስፋ ዘሰንቕ ምዃኑ ምግላፆም ተሓቢሩ፡፡

ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ዕላዊ ምዃኑ ኣብቲ ዘፈር ዘሎ ዓሚቕ ዓቅሚ ብግቡእ ምጥቃም ዘኽእላ ምዃኑ ዝሓበሩ ኣባል ቦርድ ትካላት ማሕበር መጎብነይ ዓባይ ኢትዮጵያ ኣይተ ናሆም ኣድማሱ፤ ኢትዮጵያ ኣብ ዩኒስኮ ብዝተመዝገቡ ይኹኑ ብካልኦት መስሕብ ቱሪዝማት ኣብ ቅድሚት ካብ ዝስርዓ ሃገራት ሓንቲ እንተኾነት 'ውን ሓበሬታት ብግቡእ ሰኒዳ ብዘይምፍላጣ ዓሚቕ ዓቅማ ከይተጠቀመት ምፅንሓ ተዛሪቦም 'ዮም፡፡

ኣባል ቦርድ ማሕበር መጎብነይቲ ቱሪስት ኢትዮጵያ ኣይተ ዮናስ ትኩእ ብወገኖም፤ እቲ ሳትላይት ኣካውንት ብሓበሬታን ብትልሚ ዝተመረሐ ኢንቨስትመንት ቱሪዝም ንክስፋሕፋሕ ከምዝገብር ብምዝራብ፤ ብፍላይ ኣብቲ ዘፈር ንዝተሰማረዩ መዳርግቲ ኣካላት ኢንቨስትመንቶም ንምስፍሕፋሕን ካብቲ ዘፈር ተጠቀምቲ ንክኾኑ ዓብዪ ረብሓ ከምዝህልዎ ኣልዒሎም 'ዮም፡፡

ብተመሳሳሊ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ዓቕሚ ቱሪዝም ኢትዮጵያ ንምጥንኻር ዓብዪ ግደ ከምዘለዎን ንቱሪዝም ካብ ዝህቦ ረብሓ ብተወሳኺ ድማ ንዘፈራት ግብርናን ኮንስተራክሽንን ምንቕቃሕ ዝሕግዝ ምዃኑ ኣብ ትካል ሕቡራት መንግስታት ተወካሊ ኮምሽን ኢኮኖሚክ ኣፍሪካ ኣይተ ጀአፍሬይ ማንያራ 'ውን ገሊፆም 'ዮም፡፡

ዴእታ ሚኒስትር ልምዓትን ትልምን ኣይተ በረከት ፍስሃ ፅዮን፤ መንግሰቲ ናይ ኢትዮጵያ ዓሚቕ ፀጋታት ፈልዩ ብምልማዕ ዋና ዘፈር ዕብየት ምጣነ ሃፍቲ ገይሩ እናሰርሐ ምዃኑ ብምግላፅ፤ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ኣብ ዘፈር ኣገልግሎት ዝርከብ ዕዳጋ ንምምሕያሽን ኢንቨስትመንት ንምስሓብን ወሳኒ ብፅሒት ከምዝህልዎ ኣመላኺቶም፡፡

ዋና ዳይሬክተር ኣገልግሎት ስታትስቲክስ ኢትዮጵያ በሀር ሻሌ (ዶ/ር) ብወገኖም፤ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ቀፃልነት ዘለዎ ዘየቋርፅ ዝተደጀወ ሓበሬታ ስታትስቲክስ ቱሪዝም ብምሓዝ ዝተሳለጠ ፍሰት ሓበሬታ ቱሪዝም ንክህልው ከምዘኽእል ብምሕባር፤ እዚ ሳትላይት ኣካውንት ንዘፈር ቱሪዝም ሓደ ደረጃ ሓፍ ንምባል ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት ዘኽይድ ምዃኑ ወሲኾም ገሊፆም፡፡

ኢትዮጵያ ምድሪ ቀዳሞት፣ መርከቢት ዘርኢ ሰብ፣ መሰረትን ንቕናቐ ፓን ኣፍሪካን መግለፂ ሕበረ ብሄራውነትን ሀገር ብምዃና ብምምልኻት፤ ሃፍቲ ተፈጥሮኣን ባህላዊ ፀጋታታን ብዝተደራጀየ መንገዲ ናብ ኣግለግሎት ንምውዓል የኽእላ 'ዩ ኢሎም፡፡

መዓልቲ ቱሪዝም ዓለም ካብ 1980 ዓ.ም ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ጀሚሩ በቢዓመቱ መስከረም 17 ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ኣብ ዝኽበረሉ ቕድም ኢሉ ኣብ ኢትዮጵያ መዓልቲ ቱሪዝም በዝተፈላለዩ ምድላዋት ካብ ምኻባራ ብተወሳኺ ብዙሕ ረብሓ ክህብ ትፅቢት ዝተገበረሉ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ዕላዊ ምግባሩ ኣብ ልዕሊ ዘፈር ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ብሩህ ተስፋ ከንፀላልው ዝገበረን ብሓፈሻ ኢትዮጵያ እዚ መድረኽ ቱሪዝም ምድላዋ ንኻልኦት ሃገራት 'ውን ሃፍቲ ቱሪዝመን ንከፉልጣን ኣብ ሞነጎኣን ድማ ምትእስሳር ንክፈጥራ በሪ ዝኸፍት ከምዝኸውን 'ዩ ዝእመን፡፡

## በዓላት እንትኽብር ሰናይ ተግባራት ብዘጠናኽር ክኸውን ኣለዎ!

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ህዝባዊ በዓላት ከምዘለውዋ ዝፍለጥ ኮይኑ ብፍላይ ወርሒ መስከረም ብርክት ዝበሉ ከም ሓዱሽ ዓመት፣ መውሊድ ፣ መስቀልን ኢሬቻን ዝመሳሰሉ ዝተፈላላዩ በዓላት ዘለውዋ 'ያ፡፡ ከምዚኦምን ካልኦትን በዓላት ብትኽክል እንተተጠቒምናሎም ፍልፍል ሃፍቲ ሃገር 'ዮም፡፡ ናይዚ ሰሙን እዋናዊ ዛዕባና ምኽባር በዓላት ሓዱሽ ዓመትን ከምኡ 'ውን በዓል መውሊድን ምኽንያት ብምግባር ካብ ዝተመሓላለፉ መልእኽታት ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድን ዝተፈላለዩ ዓበይቲ መራሕቲ ሃይማኖታትን ዘሕለፍዎ መልእኽታት ትኹረት ብምግባር ከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና፡፡ ሰናይ ንባብ፡-

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ኣብ ድሮ በዓል ሓዱሽ ዓመት እንኳ ንሓዱሽ ዓመት 2017 ዓ.ም ብሰላም ኣብፀሐኩም ዝብል መልእኽቲ ኣብ ዘሕለፉሉ እዋን ከምዝበልዎ፤ ሓዱሽ ዓመት 2017 ዓ.ም ዝልውጠና እንተይኮነስ ንልውጦ ዓመት ክኸውን ትምኒተይ 'ዩ ብምባል፤ ንኢትዮጵያ ዘበን እናለወጣ ንብዙሕ እዋን ነይራ 'ያ፡፡ ሓሓሊፉ ድማ ብብርታዐን በፃዕርን ንዘበን ለዊጣቶ ትፈልጥ 'ያ፡፡ ዘበን እንትልውጠና፤ ካብ ጎቦ ከም ዝተፍንቐለ እምኒ ናብ ዝሓሰብናዮ ዘይኮነስ ናብ ዝደለዮ 'ዩ ዝወስደና ክብሉ ኣረዲኦም 'ዮም፡፡

ብተወሳኺ ዘመን ዕድል 'ዩ፤ ነቲ ዘመን ምጥቃም ግና ውፅኢት ስራሕ 'ዩ ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር፤ ፈጣሪ ንኹለና ብማዕረ ዘመን ሂቡና 'ዩ፡፡ ኣፍላላይ ዝፍጠር ግና ኣብቲ ዘመን ብምስራሕን ብዘይምስራሕን 'ዩ ብምባል፤ ኣብ ውሽጢ ታሪኽና እንኮርዐሎም መዕራፋት ኣለዉና፤ እዞም እዋናት ካሊእ ዘይኮኑስ ዝተወሃበና ናይ ዘመን ዕድል ብዝግባእ ተጠቂምና ንሰርሓሎም እዋናት 'ዮም ክብሉ 'ውን ገሊፆም 'ዮም፡፡

ከም ገለፃ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ኣንሕና ደለና ኣይደለና ዘመን ይልወጥ 'ዩ፡፡ ግዘ ንቀድሚት ጥራሕ ዝኸድ ማሽን ስለዝኾነ፣ ዝኾነ ይኹን ደው ዘብሎ የለን፡፡ ኣንፍቱ ዝቕይሮ 'ውን የለን፡፡ እቲ ዝከኣል ግና ብግዘ ምጥቃም ጥራሕ 'ዩ ክብሉ ብምግላፅ፤ ኣብ 2016 ንኢትዮጵያ እንታይ ኣዐዊትና? ኣብ 2017 ከ ንኢትዮጵያ እንታይ ኣዳሊውና? ናይ ዞም ሕቶታት መልሲ ትርጉም ምልዋጥ ዘበን ይቕይሮ 'ዩ፡፡ ዘበን ይልውጠና ኣሎ ወይስ ንዘበን ንልውጦ ኣለና? ዝብል የረድኣና፡፡

ብምቕፃል «ክረምቲ ንሰነፍ ሓረስታይ መዓት፤ንንፋዕ ሓረስታይ ከዓ ምሕረት 'ዩ" ይበሃል» ምሕረትን መዓትን ምስ ዘናብ ዝመፅእ ዘይኮነስ ካብቶም ሓረስቶት ምድላውን ስራሕን ዝረከብ 'ዩ፡፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰነፍ ሓርስታይ ዘመን ይልወጥ፤ እቲ ብርቱዕ ሓርስታይ ግና ነቲ ዘመን ባዕሉ ይልውጦ ክብሉ ብምርዳእ ናይ እንኳዕ መልእኽቶም ኣሕሊፎም ነይሮም፡፡

ብተመሳሳሊ በዓል መውሊድ ምኽንያት ብምግባር 'ቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም ኣብ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ 'ውን ሰብ ሱቕ ኢሉ ናብዚ ዓለም ኣይመፅእን ብምባል፤ ተልእኾ ኣለዎ 'ዩ፡፡ 'ቶም ዓበይቲ እንብሎም ሰባት 'ውን ብትኽክል ተልእኾኦም ዘፈለጡን ንተልእኾኦም ድማ ዝሰርሑን ነዚ ንምዕዋት 'ውን ግቡእ መስዋእቲ ዝኸፈሉ 'ዮም ክብሉ ገሊፆም 'ዮም፡፡

ብተወሳኺ በዓል መውሊድ ናብዚ ምድሪ ምፅዋዕና እንዝክረሉን ነብዩ መሓመድ (ሰ.ዐ.ወ) ዝመፅእሉ ተልእኾ፤ ዝሰርሕዎ ስራሕን ዘምፅእዎ ውፅኢትን እንሓስበሉ ምዃኑን ናይ ነብዩ መሓመድ ምምፃእ ዓለም ቅድም ክትብል ካብ ዝነበረቶ መልክዕን ፀባይን ቀይርዋ 'ዩ ብምባል፤ ምምፅኦም ናይ ዓለም ታሪኽ መኽፈሊ ከምዝኾነን ኣብ ዘመኖም ክሰርሕዎ ዝግባእ ስራሕ ምስሪሖም ኣረዲኦም 'ዮም፡፡

ህዝበ ሙስሊም እቲ በዓል እንተኸብር ንዘመናት ዝዓቀቦ ፀጋታት ምትሕብባር ብምዕዛዝ ክኸውን ከምዝግባእ ዝገለፁ ከዓ ስራሕ መፈፀሚ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያ ሼኽ ዓብዱልሃሚድ ኣሕመድ ኮይኖም፤ መበል ሓደ ሽሕን 499 ናይ ነብዩ ሙሐመድ (ሰ.ዐ.ወ) መውሊድ (በዓል ልደት) «ናይ ሠላም ነብይ» ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ከምዝተኸበረን ነቢዩ መሓመድ ኣብ ዘመን ህይወት ዘመኖም ስለ ሠላም፣ ስለ ይቕር ምባል፣ ስለ ምክብባር፣ ስለ ምትሕግጋዝ፣ ስለ ፍትሕን ሓቕነትን ክምዘምሀሩ 'ዮም ገሊፆም፡፡

ንምንታይ ናብዚ ዓለም መፂአ? ነሃተይ ተልእኾ እንታይ 'ዩ? እቲ ተልእኾስ ሂወት ደቂ ሰባት ናብ ፅቡቕ ምዕራፍ ዝልወጥ ድዩ? ዝብል እንተሓሲብና፤ ሃገር ብዙሓት ዓበይቲ ሰባት ተትርፍ እያ፡፡ ናይ ደቂ ሰባት ጉዕዞ 'ውን ናብ ፅቡቕ ብዝመርሖ ሰባት ዘተለዓለ ቅኑዕ ጎዳና 'ዩ ዝኸውን ክብሉ ምዒዶም 'ዮም፡፡

ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ኣብዛ ሃገር ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ዘለዉ ጎንፂታትን ዘይምርድዳእን ተወጊዶም ሰላም ክሰፍንን ሃገራዊ ሓድነት ክጥንክርን ኣብ ሓዱሽ ዓመት ኣብ ፀገም ውሽጢ ዝርከቡ ወገናት ምድጋፍ ከምዝግባእን ኣቦታት ሃይማኖት ፃውዒት ዘቕረቡ ኮይኖም፤ ካብዞም ኣቦታት ድማ፡-

ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ ማትያስ ቀዳማዊ ፓትሪያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዘኢትዮጵያ ሊቀ ጳጳስ ዘኣክሱም ወእጨጌ ዘመንበረ ተክለሃይማኖት ሓዱሽ ዓመት ኣመልኪቶም ኣብዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፤ ዓርሲ በዓርስኻ ጎንፂ፣ ጥሜት፣ ኩናት፣ ድኽነት፣ ድሕረት፣ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ቕድሚ ዓለም ፍሉይ መፍለይና ኮይኑ፣ ካብዚ ፀገማትና ዘይተላቐቕና ኣጣናኺርና ንምቕፃል ውዕል ዝኣተና ክሳብ ንመስል እናቐፀልናዮ ንርከብ ኣለና ብምባል፤ ኸምዚ ዓይነት ልምዲ ክንሓፍረሉን ንስሃ ክንኣቱን 'ምበር ክንቕፅለሉ ኣይግባእን ኢሎም 'ዮም።

ብምቕፃል ኢትዮጵያ ንዓለም ዝተርፍ ሃፍተ ገነት ኣለዋ፤ ንዓይ ንዓይ ምባል ናይ ህዝብና መከራን ስቓይን እንተይኣናዋሕና ብማዕርነትን ብሓድነትን ሃገርና ብምሕዳስ ብናይ በዓልና ፀጋታት ክንምራሕ ኣለና። ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ጎንፂታት ብልዝብ፣ ምፍልላይ ብሓድነት፣ ዘይምስምዕማዕ ብዕርቒ ብምፍታሕን ብምሕዳስን ድልዱል ማሕበረሰብ ንምህናፅ ኩሉ ሓላፍነታዊ ግዲኡ ክዋፃእ ምትሕስሳቦም ተገሊፁ 'ዩ።

ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ናይ ኩሉ ሰብ ትልምን ተግባርን ምስ ሰላም ሃገር ዝተኣሳሰረ ክኸውን ኣለዎ ዝበሉ ድማ ስራሕ ኣካያዲ መጅሊስ ፌዴራል፣ ተወካሊ ክልል ኣምሓራን ሓላፊ ዘፈር ምርምርን ዝኾኑ ሼክ እንድሪስ ዓሊ ኾይኖም፤ ብናይ ሙስሊም ኣስተምህሮ ሰብ ምስ ቤተሰቡ ሰላም እንተኾይኑን ኣካሉ ጥዑይ እንተኾይኑን ንዓለም ኣብ ኢዱ ኣውዒልዋ ይበሃል። ኩልና ናይ ሓንቲ መዓልቲ ሰላም ብዙሕ ትርጉም ዘለዋ ምስምዃና ተረዲእና ንሰላም ሃገር ቀዳመነት ብምሃብ ምሕላው የድሊ ክብሉ መለእኽቶም ኣሕሊፎም 'ዮም።

ብተወሰኺ ካብ መራሕቲ ሃይማኖት ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላላዩ ሓላፍነት ቦታ ዘለዉ ውልቐ ሰባት መዓልቲ መዓልቲ ብዛዕባ ሰላም ብምምሃር ናይ ተግባር መምህር ክኾኑ ይግባእ ብምባል፤ ብሓፈሻ ከዓ ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ክንሓስብን ክንሰርሕን ኣለና፤ በዚ ካብ ፀገም ወፂእና ናብ ልምዓት ከመይ ከምእንሰጋገር ክንሓስብን ክንሰርሕን ይግባእ፤ ብኻሊእ ወገን ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ወገናትና ብተፈጥሮን ሰብ ስራሕን ሓደጋታት ንዝኸፍአ ፀገም ተሳጢሖም 'ዮም፤ ምርድዳእ ናይዚ ሓዱሽ ዓመት ዕላማና ብምግባር ኣብ ፀገም ንዝርከቡ ወገናትና ክንድግፎም ይግባእ ክብሉ ምግላፆም ተፀብፂቡ 'ዩ።

ሊቓ ጳጳስ ቤተ ክርስትያን ካቶሊክ ኢትዮጵያ ብፁእ ኣቡነ ካርዲናል ብርሃነኢየሰስ ሱራፌል ብግዲኦም፤ እዚ ሓዱሽ ዓመት ዝተወሃበና ሰናይ ነገራት ክንሓስብን ንናይ ሓባር ረብሓ ዝኾኑ ተግባራት ክንፍፅምን ክንለዓል ኣለና ምባሎምን፤ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተፈታተኑና ፀገማት ሕዚ በቲ ሓዱሽ ዓመት ምእንቲ ክንፈትሖም እግዚኣብሄር ናይ መፍትሒ መንገዲ ክርኤና እንፅልየሉ ግዜ 'ዩ። እዚ ሓዱሽ ዓመት ንዝጠመዩ፣ ንዝፀምኡ፣ ንዝዐረቑ፣ ንዝተፈናቐሉ፣ ንዝተኣሰሩ፣ ንዝሓመሙን ንዝሓዘኑን እንበፅሐሉ ግዜ ይኹነልና ክብሉ ሰናይ መልእኽቶም ኣሕሊፎም 'ዮም።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተፈፀሙ ዘየድልዩ ተግባራትን ዘይምጥኑናን፣ ካብ ቒም በቓልን ሽለልትነትን ዝተላዓሉ 'ምበር ብተፈጥሮ ዝወረስናዮም ወይ ፈጣሪ ዘሸከመና ዕዳታት ከምዘይኮኑ ዝገለፁ ፕረዚዳንት ሕብረት ወንጌላውያን ኣብያተ ክርስትያናት ኢትዮጵያ ፓስተር ፃድቑ ኣብዶ ብግዲኦም፤ ብናይ በዓልና ሽለልትነትን ትዕቢትን ዘምፀኣናዮም መዘዛት ብምስትውዓልን ብጥበብ ብምርሓቕ ምክብባርን፣ ይቕሬታ ብምብህሃልን ካብ ኣድልዎ ናፃ ዝኾነ ርክብ ምጥንኻር ከምዝግባእ ብምምለኻት፤ እዚ ሓዱሽ ዓመት ናይ በረከትን ሰላምን ክኾነልና፣ ኣጥቢቕና ብዛዕባ ምድርና ንፅልየሉን ንሓቒ ጠጠው ንብለሉ ይኹነልና ክብሉ ተዛሪቦም 'ዮም።

ፕረዚዳንት ወንጌላዊት ቤተ ክርስቲያን መካነ ኢየሱስ ኢትዮጵያ ቄስ ዶክተር ዮናስ ይገዙ ኣብዘሕለፍዎ መልእኽቲ፤ ናብዚ ሓዱሽ ዓመት ክንሰጋገር ዝኸኣልና ብፍቓድ እግዚኣብሄር ብምዃኑ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተረኣዩ ድኽመታት ብምእራምን ጥንካረታት ብምቕፃልን ንምምሕያሽ ናብራ ዜጋታት ኩሉ ክተግህን ንእግዚኣብሄር ምፍራሕን ሰናይ ተግባራት ምልባስን ካብ ኩሉ ዜጋ ትፅቢት ይግበር ከምዝኾነ፤ ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት ናይ ካልኦት ጥቕምን መንነትን ዘይትንከፉ ተግባራት፣ ብተኣማንነትን ብቕንዕናን ንምክንዋን ምልዕዓል ከምዝግባእ ገሊፆም።

እዛ ሃገር ካብዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ንነዘ ዝፈታተና ዘሎ ናይ ሰላም ስእነት ከምዘሎ ኮይኑ ኣብተፈላላዩ እዋናት ዝፍጠሩ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ፀገማት ናብራ ዜጋታት እናኸበደ ከምዝኾነ ግልፂ ምዃኑ ብምሕባር፤ ኣብዚ ሓዱሽ ኣመት ዝተፈላላዩ ፀገማት ዝበፅሖም ወገናት ብፍላይ ዝንከባኸብን ዘዐብዮም ዘይብሎም ህፃናት፣ ዓቕሞም ዝደኸሙ ወገናት፣ ኣረጋውያን፣ ጥዕና ዝሰኣኑ፣ ብድኽነትን ተፈናቒሎምን ኣብ ፀገም ዝርከቡ ወገናት ተሓሳቢ ክግበር ከምዝግባእ መልእኽቶም ኣሕሊፎም 'ዮም።

# ዕዱም ጋሻ

# ‹‹በዓላት ኣደባባይ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህላውን ሃይማኖታውን ትሩፋት ብምድማቕ ግደኦም ብዙሕ'ዩ ››

*- መምህር ሚካኤል ግርማይ*

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣብ ወርሒ መስከረም ካብ ዝኽበሩ በዓላት ኣደባባይ በዓል መስቀልን ኢሬቻን ይጥቀሱ። በዓል መስቀል ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ብድምቀት ዝኽበር በዓል 'ዩ። ኣብ ትግራይ ብፍላይ ድማ ኣብ ዓድግራትን ህዝቢ ብሄረሰብ ኢሮብን በዓል መስቀል ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብዝደመቐ ኣግባብ ዘኽብሮ ባህላውን ሃይማኖታውን በዓል'ዩ። ሰባት መስቀል ንምኽባር ከካብ ዘለውዎ ናብ ከባቢኦምን ናብ ቤተሰቦምን ዝተኣኻኸብሉ በዓል ከምዝኾነ ይፍለጥ ። ኣብ ከተማ መቐለ መስቀል ብፍሉይ 'ጎቦ ጨምዓ' ን 'እንዳ ፀባን' ኣብ ዝበሃሉ ቦታታት ብድሙቕ እንትኽበር ካብ ፅባሕ ሓዱሽ ዓመት ጀሚሩ ብናፍቖት ትፅቢት ዝግበሮ በዓል መስቀል ሃይማኖታዊን ባህላዉን ትሕዝቶ ዘለዎ በዓል 'ዩ። ኣብ ትግራይ ከባቢ ዓጋመ ኢሮብ ከምኡ 'ውን ኣብ ጉራጌን ፍሉይ ቆላሕታ ዘለዎን ቤተሰብ ንቤተሰብ ዝጠያየቁሉን ብፍሉይ ምትእስሳር ዘለዎን በዓል ብምኳኑ ኣብ ካሊእ ከባቢ ካብ ዝኽበር ቁሩብ ፍልይ የብሉ። እዚ ባዓል ናይ ኣዳባባይ ባዓል ስለዝኾነ ፍሉይ ክዋነ ስለዘለዎን በፃሕቲ ዓዲ ብብዝሓት ዝሳተፍሉ 'ዩ። ባዓል መስቀል እንትኽበር ካብ ወፃኢ ዓዲ ብዙሕ ተዓዳሚ ዝመፀሉ በዓል ስለዝኾነ ፍልፍል ቱሪዝም ብምኳን ዓብይ ግደ ዘለዎ 'ዩ።

ድሕሪ መስቀል ስዒቡ ዝመፅእን ብማሕበረሰብ ኦሮሞ ብድምቀት ዝኽበር በዓል ኢሬቻ 'ዩ። ኢሬቻ ንኣምላኽ ምስጋና ዝቐርበሉ በዓል እንትኾን ብዝተፈላለየ ምድላዋትን ባህላዊ ኣልባሳትን ደሚቑ ዝኽበር 'ዩ። እዚ ባዓል ኣደባባይ ንምዕዳም ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ብርክት ዝበሉ በፃሕቲ ዓዲ ከምዝመፁ ይፍለጥ። እዚ ድማ ምኽንያት ሓደ ኣታዊ ቱሪዝም ሃገርና 'ዩ። በዓላት ኣደባባይ ንዕብየት ቱሪዝም ዘለዎም ግደ ቀሊል ኣይኮነን። ብፍላይ ድማ ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ብዙሓት እሴታትን ኽብርታትን ዘለዎን ሃገራት ብናይ ቱሪዝም ኣታዊ እንትረአ ብዙሕ ረብሓ ናይ ምርካብ ዕድል ኣለወን። መምህር ምካኤል ግርማይ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ‹በዓላት ኣደባባይ ዓብይ ኣታዊ ቱሪዝም ከምዝኾኑን፤ ከምኡ ድማ በዓላት እንትነኽብር ዘለና ብምክፋልን ሓድነትና ብምግላፅን ክኾኑ ከምዝግባእ ይገልፁ። ሙሉእ ትሕዝቶ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና።

**ወጋሕታ፡- ሓድሽ ዓመትን መስቀልን ከመይ ክንገልፆም ንኽእል ?**

**መምህር ምካኤል፡-** ሓድሽ ዓመትን በዓል መስቀልን ተኸታቲሎም ዝመፁ እንትኾኑ ኣብ ውሽጥና ሓድሽ ነገር ወይም ሓድሽ ተስፋ ሰኒቕና እንፅበዮም በዓላት 'ዮም። እዚ ወርሒ ወይም እዞም በዓላት ነገራት ጅማሮ ናይ ትልምታት መፈፀምታን ብዙሕ ነገራት ብብሩህ ተስፋ እንምልከተሉ፤ ዕላማና ንምስኻዕ ብብርተዐ እንምለኣሉ 'ዩ። ወዲ ሰብ ነገራት ብትልምን ብተግባርን ዝተመለአ ፍጥረት ስለዝኾነ ናይ ሓድሽ ዓመት ምምፃእ ብተስፋ ምፅባዩ ግድን 'ዩ። ስለዚ ሓድሽ ዓመትን መስቀልን እንትነኽብር እቲ ባዓል ጥራሕ ኣይኮነን ጉዳይ መፃኢ ህይወትና 'ውን ትልሚ ሒዝና ስለ እንኽብሮ ብፉሉይ ሓጎስ ኢና እነኽብሮ።

ኣብ ኢትዮጵያ ዝኽበሩ ዓበይቲ በዓላት እቲ ሓደ ሓዱሽ ዓመት 'ዩ፤ ሓድሽ ዓመት ከም ሽሙ ነባር ሓደ ዓመት ተወዲኡ ሓድሽ ዓመት ምምፅኡ ዘበስር ወርሒ 'ዩ። ሓድሽ ዓመት ሓሊፉ ትፅቢት ዝግበር በዓል መስቀል ሃይማኖታዊን ባህላዉን ትሕዝቶ ዘለዎ ተፈታዊ በዓል ኮይኑ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝኽበር 'ዩ። በዓል መስቀል ንግስቲ እሌኒ እየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቐለሉ መስቀል ንምርካብ ናይ ብዙሕ ግዜ ፃዕሪ ውፅኢት ዝተሳኸዐሉ ብምኳኑ ከምኡ 'ውን ምስ ሓድሽ ዓመት መንፈስ ተጣሚሩ ዝኽበር በዓል ብምኳኑ ትርጉሞም ፍሉይ 'ዩ።

ብሓፈሻ እዚ ወርሒ ዝኣረገ ሓደ ዓመት ተወዲኡ ሓድሽ ዓመት ምምፅኡ ዘበስር ወርሒ ከምዝኾነ ይፍለጥ። ሓዱሽ ዓመትን በዓል መስቀልን ማሕበረሰብ ዘቀራርብ፣ ጎረቤት ንጎረቤት፣ ኣዝማድ ንኣዝማድ ኣተኣኻኺቡ ሰላምን ፍቕርን ተስፋን ሒዙ ዝመፅእ ኹሉ ብተስፋ ዝፅበዮ ወርሒ 'ዩ። ካብ ፀልማት ናብ ብርሃን መሻገሪ ሓድሽ ተስፋ ተገይሩ ዝውሰድ እዋን 'ዩ።



**ባዓል መስቀል እንትኽበር ካብ ወፃኢ ዓዲ ብዙሕ ተዓዳሚ ዝመፅእ በዓል ስለዝኾነ ፍልፍል ቱሪዝም ብምኳን ዓብይ ግደ ዘለዎ 'ዩ**

**ወጋሕታ፡- በዓላት ክነኽብር ከለና ካልኦት ኣብ ምሕጋዝ ከመይ ክኽበር ኣለዎ ይብሉ?**

**መምህር ሚካኤል፡-** በዓላት እንተነኽብር ብኹሉ ሃይማኖት ከምዝኽበር ዝተፀገሙ ብምሕሳብ ብምርድዳእን ተዝኸውን ፅቡቕ 'ዩ። ኢትዮጵያውያን ምርድዳእ ዝመፃናሉ ባህልና እንተኾነ 'ውን ኣብዚ ሐዚ ድማ ተጠናኺሩ ክቕፅል ዘለዎ 'ዩ። በተለይ ኣብዚ ሰዓት ከምዝፍለጥ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰኸ ዝመፀ ናብራ ምኽባር ምኽንያት ብዙሕ ሰባት በዓላት ተፀጊሞም እናሕለፉ 'ዮም ዝርከቡ። እዚ ፀገም ክሕለፍ ዝኽእል ድማ ሕድሕድና እንድሕር ተሓጋጊዝና 'ዩ። ዘለዎ ንዘይብሉ ብምሃብ ከምኡ 'ውን ነጋዴ ናይ ማሕበረሰብ ናይ ምግዛእ ዓቕሚ ዘገናዘበ ዕድጊት ተዝግበር ፅቡቕ ይመስለኒ። መንግስቲ ኸዚ ዝጀመሮ ምግቢ ምክፋል ፕሮግራም ተጠናኺሩ ተዝቕፅልን እዚ ልምዲ ባዓል ሃፍቲ እንተዝሕወስሉ ባህሊ ምርድዳእ ዘዕቢ 'ውን 'ዩ። ብፍላይ ድማ በዓላት እንትመፁ ዝተፀገሙ ወገናት ሕጉሳት ኾይኖም ንክሕልፉ በቢኸባቢና ብዓቕምና ሓገዝ ብምግባር ኣጋርነትና ክንገልፅ ይግባእ።

**ወጋሕታ፡- በዓላት ኣደባባይ (ኣሸንዳ/ሻደይ፣ መስቀል፣ ኢሬቻ) ሓድነት ህዝቢ ኣብ ምዕባይ ዘለዎም ግደ ከመይ ይገልፅዎ ?**

**መምህር ሚካኤል፡-** በዓላት ኣደባባይ ኣከባብረኦም 'ውን ኣብ ኣደባባይ ስለዝኾነ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህላውን ሃይማኖታውን ረብሓታት ብምድማቕ ግደኦም ብዙሕ 'ዩ ኢለ ይኣምን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እቲ ሓደ ማሕበረሰብና ሃይመኖታውን ባህላውን ባዓላት ተግባራት ብነፃት ናይ ምኽባር መሰሉ ብጣዕሚ ስለዝኽበረሉን፤ ካልእ እቲ በዓል ዘኽብር ማሕበረሰብ ብዓላት ብሰላም ተኸቢሩ ንክዛዘም ከምኡ 'ውን እቶም በዓላት ዝኽበረሎም ኸባብታት ስራሕቲ ፅዳት ናይ ምስራሕ እቲ ሓደ ናይቲ ሓደ ሃይማኖት ዘለዎ ኣኽብሮት ዘንፀባርቕ ስለዝኾነ፤ ከምኡ ድማ ባዓላት ኣደባባይ ምኽንያት ዝተፈላለየ ማሕበረሰባዊ ባህላዊ ክንውን ኣብ ምርኣይ ባዓላት ኣደባባይ ዓብይ ግደ ዝፃወቱ 'ዮም። ስለዚ ህዝብና እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ዘለዎ ፍቕሪ ዝገልፀሉን ሓድነቱ ዘጠናኽረሉን ኣጋጣሚ 'ዩ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ህዝብታት ፍቕርን ሰላምን ሓልዮትን ኣብ ምፍጣር እዚኦም በዓላት ወሰንቲ 'ዮም።

**ወጋሕታ፡- እዚኦም በዓላት ትኽክለኛ ናይቲ ማሕበረሰብ ሃይማኖትን ባህልን ንከንፀባረቑ ካብ መን እንታይ ትፅቢት ይግበር?**

**መምህር ሚካኤል፡-** እዚኦም በዓላት ትኽክለኛ ሃይማኖትን ስርዓቱን ተሓልዩ ንክኽበር ካብ ሃይማኖት ኣቦታት፣ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ማሕበረሰብ ከምኡ 'ውን ካብ መንግስቲ ዓብይ ግደ ትፅቢት ዝግበረሎም እንትኸውን ካብ ኣቦታት ሃይማኖት ምእመናን ካብ ሃይማኖት ስርዓት ወፃኢ ዝግበር ኣከባብራ ንክእረሙ ትምህርቲ ክህቡ ይግባእ ዝብል እምነት ኣለኒ። ናይቲ ሃይማኖት ተኸታሊ ማሕበረሰብ ሃይማኖታዊ በዓላት ብሰላም ተኸቢሮም ንክይዛዘም ዝደልዩ ኣካላት ኣብ ምክልኻል ዓብይ ግደ ኣለዎም። መንግስቲ 'ውን በዓላት ኣደባባይ ሰላማዊ ኾይኖም ንክዛዘሙ ኣድላይ ዝኾነ ስራሕቱ ፀጥታ ትፅቢት ይግበር።

**ወጋሕታ፡- ብፍላይ በዓላት ኣብ ኣታዊ ቱሪዝም ንምዕባይ ዘለዎም ረብሓ ከመይ ይገልፅዎ?**

**መምህር ሚካኤል፡-** በዓላት ኣደባባይ ኣታዊ ቱሪዝም ካብ ምዕባይ ዓብይ ግደ እዩ ዘለዎም። ካብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዑደት ዝገበሩ ኣካላት ብምብዛሕ ናይ ሃገር ፍልፍል እቶት ንክዓቢ ዝገብር 'ዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም መድረኽ ኣብ ዩኔስኮ ዘመዝገበቶም ባዓላት ኣደባባይ ዝበለፀ ተዝስረሐሎም ንሃገርና ተወሳኺ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ናይ ምምፃእ ዓቕሚ ኣለዎም ዝብል እምነት ኣለኒ።

ምኽንያቱ እዚኦም በዓላት ወፃእቲ ዓዲ መፂኦም ዑደት ንክገብሩ ዕድል ዝህብን ምቹው ዝባሃል ኣጋጣምን 'ዩ። ምስ እዚ ተደሓሒዙ ሆቴላት፣ ባህላዊ መጋየፅታት፣ ባህላዊ ኣልባሳት ሃገር ቦቀል ዝኾኑ ናውቲ ንክፍለጡ ዕድል ዝኸፍትን ነቶም ኣፍረይትን ግልጋሎት ወሃብትን ዓብይ ኣታዊ 'ዩ ዝኾን ። በዓል መስቀል ድማ ፍሉይ ዝኾነ ክንዋነ ስለዘለዎን ኣብ ዝተፈላላየ ክፋላት ሃገርና ብድምቀት ስለዝኽበርን ዑደተኛታት ናብቲ ዝኽበርሉ ቦታ እንትኸዱ ሆቴላትን ካልኦት ግልጋሎትን ተረባሕቲ እንትኾኑ ስራሕቲ ኢደ ጥበብ ዝኾኑ ናውቲ ድማ ንዓለም ንክፍለጡ ዝገብር በዓል 'ዩ።

እቶም ዑደት ዝገብሩ ዝመፁ ኣጋይሽ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ተረዲኦም ናብ ሃገሮም እንትምልሱ ስለ ኢትዮጵያ ፅቡቕ ምስሊ ብምግዋሕ ካልኦት መፂኦም ዑደት ንኽገብሩ ናይ ምግባር ዕድል ዘለዎም 'ዮም። ወፃእቲ ዓዲ እንትመፁ ካብ ዝምልከተዎምን ዝሰሓብሎምን ትኽክለኛ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ስለዝኾነ እቲ ናትና እንብሎ ኢና ክነፀባርቕ ዘለና። ስለዚ ብጥንቃቐ ኣብ ዘይተበከለ ባህልና ኢና ትኹረት ክንገብር ዝግባእ። በዓል ኢሬቻ ኾነ በዓል መስቀል ታሪካዊ ባህላዊ ሃይማኖታዊ ትውፊቱ ዝሓለወ ትሕዝቶ ዘለዎ ንዘመናት ዘሳግርን ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ንሃገርና ብመልክዕ ቱሪዝም ምስ ዓለም ነላልየሉ ዓብይን መፍለይናን 'ዩ ።

**ወጋሕታ ፡- ኣብ መወዳእታ ዘሕልፍዎ መልእኽቲ እንተሃልዩ?**

**መምህር ሚካኤል፡-** ኣብ መወዳእታ ዘሕልፎ መልእኽቲ 2017 ዓ.ም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ሰናይ ዝኾኑ ነገራት ንክበዝሓሉ ሰናይ ባዓላት መስቀል ከምኡ 'ውን ኢሬቻ ንክኾን ትምኒተይ ይገልፅ። ኣብ ቀፃሊ ሰላም ሃገርና ዝበዝሓሉ፣ሓድነት ህዝብና ዝጠናኸረሉ ፣ ዕብየት ሃገርና ዝረጋገፀሉ ከምዝኸውን ትምኒተይ 'ዩ። ትምኒት ጥራሕ 'ውን እንተይኾነስ ኹላትና ኣብ ዝተዋፈርናሉ ዓውዲ ብምኳን እጃምና ክነወፊ ይግባእ። ዕብየት ሃገር ዝረጋገፅ ካብ ሓደ ወገን ጥራሕ እንተይኾነስ ናይ ኹሉ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ከምኡ ድማ ዝፍጠሩ ፀገማት ብዘተ ብምፍታሕን ባህሊ ብምዕባይ ስለዝኾነ ተሳትፎ ኹሉ ኣድላይ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃንሒት ኣመስግን።**

**መምህር ሚካኤል፡-** ኣን 'ውን ኣመስግን።



# መስቀልን ኢሬቻን በዓላት እሴቶም ተሓልይሎም ብሰላም ንክኽበሩ ቅድመ ምድላው ተገይሩ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ቅርሲ ዓለም ዝኾኑ በዓላት መስቀል ዳመራን ኢሬቻን እሴቶም ተሓልዩ ብሰላም ንክኽበሩ ቅድመ ምድላው ከምዝተገበረ ምምሕዳር ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣፍሊጡ፡፡

ምምሕዳር ቢሮ ከተማ ሰላምን ፀጥታን በዓላት ኣከባብራ ብዝምልከት ምስ ፀጥታን ደንብ ምኽባር መሓውራት ዘተ ኣካይዱ 'ዩ፡፡

ኣብቲ መድረኽ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሓላፊ ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ሊድያ ግርማ፤ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ዘፈር ፀጥታ ሓለፍቲ ስራሕ ተረኺቦም 'ዮም፡፡

ናይቲ ቢሮ ሓላፊት ሊድያ ግርማ፤ መስቀል ደመራን ኢሬቻን በዓላት እሴቶም ሓልዮም ብሰላም ንክኽበሩ ንምኽኣል ዝተዋደደ ምድላው ከምዝተገበረ ገሊፀን፡፡

ኣከባብራ በዓላት ሃገራዊ እሴት መግለፅታት ሃፍቲ ሓድነት ብምዃኖም ኣብዚ ግዜ ሃገር ሰናይ ገፅታ ንዓለም ኣድሚቕና እነርእየሉ 'ዩ ዝኾን ኢለን፡፡ ብምዃኑ በዓላት ብሰላም ንክኽበሩ ኣድላይ ዝተብሃለ ቅድመ ምድላው ከምዝተገበረ ድሕሪ ምርግጋፅ ነበርቲ ከተማ ድማ ከምዝተለመደ ምትሕብባርን ሓድነት ተጠናኺሩ ንክቕፅል ተሓቲቱ፡፡





ኣብቲ ዘተ ተሳተፍቲ እቲ ባዓል ናይ ሓባር ብምዃኑ ንኣከባብርኡ ሰላማዊ ከይዲ ግደና ንምውፃእ ተዳሊና ኢና ኢለን፡፡ ንመፃኢ በዓላት ኣከባብራ ሓይሊ ፀጥታ ሓበራዊ ምድላው ከምዝገበረ 'ውን ጠቒሰን፡፡

ከምኡ ድማ ዋና ስራሕ ፈፃሚ ደንብ ኣኽባሪ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሻለቃ ዘሪሁን ተፈራ፤ ምስ ሰላም ሰራዊት ኣወዳድባ ዝግበር ዘተ ዓብይ ትርጉም ከምዘለዎ ገሊፆም፡፡

ናይ ሰላም፣ ሓድነት ፣ፍቕሪን ሓልዮትን መርኣያ ዝኾነ በዓል ኢሬቻን፣ ከምኡ 'ውን ካብ ሃይማኖት ባዓል ካብ ምዃኑ ብዝሓለፈ ብማሕበረሰብ ባዓል ዝፍለጥ ደመራ መስቀል ኢትዮዮጵ ብዓለም ዘይድህሰስ ቅርስነት ካብ ዘመዝገበቶም ቅርስታት ዝጥቀስ 'ዩ፡፡

## በዓል መስቀል...

እቲ በዓል ካብ 2000 ዓ/ም ጀሚሩ ብብርኪ ክልል መስቀል ኣብ ዓጋመ ብዝብል መራሒ ሓሳብ እናተኸበረ ከምዝመፀ ብምዝኽኻር፣ሎሚ ዓመት እውን በዓል መስቀል ሃይማኖታውን ባህላውን ክብርታቱ ሓልዩ ክበዓል እኹል ምድላው ከምዝተወገነ ገሊፆም።

መራሕቲ ትግራይ ንሰላምን ሓድነትን ቀዳምነት ብምሃብ ንረብሓ ትግራይ ክሰርሑ ከምዝግባእ ዘገንዘቡ እቶም ኣካያዲ ስራሕ፣ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝርከቡ ፈታውትን ተወለድትን ዓጋመ ኣካል እቲ በዓል ክኾኑ ፀዊዖም።

በዓል መስቀል ንምኽባር እኹል ምድላው ከምዝተገበረን ፅምብል መስቀል ብስፖርታዊ ፌስቲቫል ከምዝጀመረን ካብ ውሽጥን ደገን ዝመፁ በፃሕቲ ብወገን መንግስቲ ዘተኣማምን ሰላምን ድሕንነትን ከምዝረኽቡ ዝሓበሩ ድማ ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ዓዲግራት ኣይተ ሰሎሞን ሓጎስ 'ዮም።

መስቀል ብዝተፈላለዩ መርሃ ግብርታት ኣብታ ከተማ ብዝለዓለ ፅምብል ንምኽባር ዘኽእል ቅድመ ምድላው ከምዝተወገነ 'ውን እቶም ከንቲባ ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣካቢ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ዓጋመ ኣይተ መስፍን ኣማረ ብወገኖም ማሕበር ልምዓት ዓጋመ ካብ ዝተውሃብዎ ልኡኽ ብቀዳምነት ምዕቃብን ምልላይን ባህልን ትውፊትን ህዝቢ ዓጋመ ስለዝኾነ ናብ ረብሓ ንምቕያር ከምዝሰርሑ ገሊፆም።

ፈተውትን ተወለድትን ዓጋመ ናብ ክብረ በዓል መስቀል እንትመፁ ሕብረተሰብን ኣካላት ፀጥታን ውሕስናኦም ዘተኣማምን ንክኸውን ከም ዝስራሕ ኣረዲኦም።

ካብ ዝምልከቶ ኣካል ወፃኢ ክብረ በዓል መስቀል ከህስሱ ዝኽእሉ ዝውዝዑ ግጉያት ሓበሬታት ኣቓልቦ ብዘይምሃብ ኣብቲ ፅምብል ተሳተፍቲ ክኾኑ ፀዊዖም፡፡

## ኣብ ክልል ትግራይ...

ሙሉእ ሰውነቶም ተሸፊኖም ክድቅሱ ከም ዘለዎም ሓቢሮም፡፡

ዝሓመመ ቀልጢፉ ክሕከም ከም ዘለዎ ብምጥቃስ፣ ብዋናነት ግና ዘላቒ ፍታሕ ንኽርከብ ንትካላት ጥዕናን ህዝብን ትኹረት ሂቡ ዝሰርሕ ህዝባዊ መንግስቲ ኣድላዪ 'ዩ ኢሎም፡፡

ሕብረተሰብ፣ ጥዕና ብዝምልከት ሓበሬታ ዘመሓላልፉ ሚዲያታት ክከታተልን ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ዕቋር ማይ መራብሒ ጣንጡ ከይኸውንን ብምዕራይ ዓርሱ ካብ ሕማም ዓሶ ክከላኸልን ብምሕባር፤ ብፍላይ መንግስትን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ድማ ዝንዛሕ ኬሚካላትን ቐረብ መከላኸሊ ጣንጡ ዛንዜራ ከማልኡ ፃውዒት ኣቕሪቦም፡፡

## ትኹረት ዘድልዮ ዓውደ...

ኣድላይ ዝባሃል ሓገዝን ክትትልን ከም ዝግበር ተገሊፁ ኣሎ።

እዚ ዝተገለፀ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ኣብዝሓለፈ ሰሙን ምስ ኣመራርሓ ትምህርቲ ኣብ ኣፈፃፅማ መደባት 2016ን ቀፀልቲ መደባት 2017ን ዓ.ም መድረኽ ዘተ ኣብዘሳለጠሉ 'ዩ፡፡

ሓላፊ ካብኔ ሴክሬታሪያት ትልሚ ስግግር ማሕበራዊ ልምዓት ፕሮፌሰር ክንደያ ገ/ህይወት ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ትግራይ ምስ ብዙሕ ፀገማቱ ሚያዝያ 2015 ዓ.ም ትምህርቲ ክጅምር ምግባሩ ዝሓሸ ለውጢ ከም ዘምፅአን ኣብ ሃገራውን ክልላውን ዝነበሩና ፈተናታት ተምሃሮና ምስ ብዙሓት ፀገማቶም ዝሓሸ ውፅኢት ከም ዘምፅኡን ምስግና ከም ዝግበኦምን ይገልፁ፡፡

እተን ብተመዛበልቲ ዝተትሓዛ ኣብያተ ትምህርቲ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ንክምለሱን ኣብ 2017 ዓ.ም ትምህርቲ ትግራይ ናብ ንቡር ጥራሕ ዘይኮነስ ናብ ዝሓሸ ብርኪ ንምምላስ ብዕቱብ ከም ዝስራሕ ዝገልፁ ፕሮፌሰር ክንደያ፤ ቐድሚ ሕዚ ዝነበሩ ፀገማት ንምምሕያሽ ትኹረት ከምዝግበር ይዛረቡ፡፡

ድሕሪ ናይ 3 ዓመት ኲናት፣ ትግራይ ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ተምሃራይ ብምሓዝ ብተስፋ ዝጀመርናዮ ምምሃር ምስትምሃር ዋላ'ኳ ዘዕግብ ውፅኢት ኣይንርከብ ሳላ ማሕበረሰብ ትምህርቲ ትግራይን መላእ ሕብረተሰብ ትግራይን ዝሓሹ ምንቅስቓሳት ከም ዘለውን እንተኾነ ግን ሐዚ 'ውን ብምኽንያት እቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኲናት ብርከት ዝበሉ ተምሃሮ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ከምዘይተመለሱ ዝሓበሩ ድማ ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ኪሮስ ጉዕሽ (ዶ/ር) 'ዮም፡፡

ፅሬት ትምህርቲ ትግራይ ንምርግጋፅ ብዙሓት ፀገማት ከምዘለዉ ብምግላፅን ስርዓት ትምህርቲ ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስ ልዕሊ 5 ነጥቢ 6 ቢሊዮን ዶላር ከምዘድሊ ብምሕባርን፤ ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ምስ መዳርግቲ ኣካላት ዘተ መድረኻት ከምተጀመረን እቲ መድረኽ ክሳብ ዞባታት ከም ዝቕፅል ተገሊፁ 'ዩ፡፡

ብኻሊእ ወገን ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ 2017 ዓ.ም ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ እናተሰርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ውፅኢታዊ ንምግባር ግደና ክንዋፃእ ኢና ክብሉ ተምሃሮ፣ መምህራንን ወለድን ገሊፆም 'ዮም፡፡

ኣብ ክልል ትግራይ ዘመነ ትምህርቲ 2017ዓ.ም ስሩዕ ናይ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ 6 መስከረም ዝጀመረ ኮይኑ፤ ኣብቲ ክልል ኣብ ናይ ሎሚ ዘመነ ትምህሪቲ ኸልተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚልየን ተምሃሮ ኣብ ማኣዲ ትምህርቲ ከምዝርከቡ ዝተገለፀ ኮይኑ፤ ዘመነ ትመህርቲ ምጅማር ስዒቡ ማሕበረሰብ ትምህርቲ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብቲ ክልል ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ እናተሰርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ውፅኢታዊ ንምግባር ግደኦም ንምውፃእ ከምዝሰርሑ ተዛሪቦም 'ዮም፡፡

ኣብ ከተማ መቐለ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ብርኪ ሓወልቲ 10ይ ክፍሊ ተምሃራይ ክብሮም ፍሳሃ፤ ከምኡ 'ውን ናይ 11 ክፍሊ ተምሃራይ ዳዊት ተመስገን፤ ዝዋህባና ትምህርቲ ብንቅሓት ብምክትታል ሓገዝቲ መፅሓፍቲ ብምንባብ እዚ ዘመነ ትምህርቲ ንምሕላፍ ከምዝተዳለዉ 'ዮም ዝገልፁ፡፡ ብስነምግባር ንትምህርቶም ትኹረት ብምሃብ ናብ ቀፃሊ ክፍሊ ዘሕልፎም ውፅኢት ንምምፃእ ካብ ኸዚ ጀሚሮም ከምዝፅንዑ ዝገለፁ ድማ ኣብ መቐለ ገረብፀዶ ሙሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮ ሻምናይ ክፍሊ ተምሃሮ ነብያት ኣሸናፊን በረከት ሺሻይን 'ዮም፡፡

ግልጋሎት ቤት መፅሕፍቲ ተበፃሒ ንክኾን ሓገዝቲ መፅሓፍ ንክማለኣሎም እቶም ተምሃሮ ዝሓተቱ ኮይኖም፤ ገረብ ፀዶ ሙሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲን ሓወልቲ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርትን መምህራን ዝኾኑ መምህር ቴድሮስ ንጋቱን መምህር ተስፋይ ገብረማርያም ሙሉእ ዓቕሞም ተጠቒሞም ንምምሃር ከምዝተዳለዉ 'ዮም ዝልፁ፡፡

ኲረጃን ካልኦት ዓርስኻ ዘይምትእምማን ፀገማት ካብ ኸዚ ንምውጋድ ከምዝሰርሑ ዝተዛረቡ እቶም መምህራን ተምሃሮ ኣሰር ኅበዛት ተምሃሮ ንክኽተሉ ብጥንካር ከምዝሰርሑ ገሊፆም 'ዮም፡፡

ተምሃሮ ሙሉእ ግዚኦም ንትምህርቲ ብምሃብ ሰናይ ዜጋ ንክኾኑ ግደ ወለዲ ዓብይ ከምዝኾነ ንፅሬት ትምህርቲ ናይ ግደና ክንሰርሕ ይግባእ ዝበላ ድማ ኣብ ከተማ መቐለ ወላዲ ተምሃራይ ዝኾና ወይዘሮ ፈትየን ረዳኢ እየን፡፡

ብኻሊእ ወገን ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቓላሚኖ ሓደሽቲ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ 24 መስከረም 2017 ዓ.ም ከምዝግብ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣፍሊጡ 'ዩ።

ኣብ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 85ን ልዕሊኡን ማእኸላይ ውፅኢት ዘመዝገቡ ተምሃሮ ክምዝገቡ ከምዝኽእሉ ተገሊፁ 'ዩ። ምዝገባ ዝካየደሎም ቦታታት ድማ ኣብ መቐለ ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቓላሚኖ፣ ማይጨው ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ጥላሁን ግዛው፣ ዓድግራት ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣግኣዚ፣ ኣክሱም ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ወኣፅብሃ፣ ሽረ እንዳስላሰ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ደምቦስኮ፣ ኣዲስ ኣበባ ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ቦሌ ህድሞና ህንፃ ምዃኑ ተሓቢሩ 'ዩ።

25 መስከረም 2017 ዓ.ም መእተዊ ፈተና ከምዝውሃብ ዝሓበረ እቲ ቤት ትምህርቲ፣ ባሕቲ ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም ድማ ውፅኢት ከምዘፍልጥ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣብ ዝወዘዖ ሓበሬታ ኣመላኺቱ 'ዩ።

ኣብ 1990 ዓ.ም ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝጀመረ ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቓላሚኖ፤ ዛጊድ 2500 ተምሃሮ ተቐቢሉ ዘምሃረ እንትኾን ኣብ 2016 ዓ.ም ኣብ ዝተውሃበ ሃገራዊ ፈተና 12 ክፍሊ ብደረጃ ሃገር ልዑል ውፅኢት ዝተመዝገበ ብተምሃሮ እቲ ቤት ትምህርቲ ምዃኑ ዝፍለጥ 'ዩ።

# 247 ኢንዱስትሪታ እኹል ሓይሊ ኤሌክትሪክ ክረኽቡ ድጋፍ ተገይሩ

- ኣብ ክልል ትግራይ 290 ኢንዱስትሪታት ናብ ኣገልግሎት ኣትዮም



**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት 2016 ዓ.ም ን247 ኢንዱስትሪታት ግልጋሎት ምህርቲ ክህብ ዘኽእል እኹል ሓይሊ ኤሌክትሪክ ክረኽቡ ከምተሰርሐ ሚኒስቴር ኢንዱስትሪ ኣፍሊጡ፡፡ ኣብ ክልል ትግራይ ተዓፅዮም ዝነበሩ 290 ፍርያት ዝህቡ ኢንዱስትሪታት ምህርቲ ናብ ምሃብ ምእታዎም ተመላኺቱ፡፡

ኣብ ሚኒስቴር ኢንዱስሪ ሓላፊ መተሓባበሪ ቤት ፅሕፈት «የኢትዮጵያ ታምርት ንቕናቔ» ኣያና ዘውዴ (ዶ/ር) ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፣ ን247 ኢንዱስትሪታት ድጋፍን ክትትልን ብምግባር ምፍራይ ዘኽእል 639 ሺሕን 500 ኪሎ ዋት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምቕራብ ተሰሪሑ፡፡

«የኢትዮጵያ ታምርት ንቕናቄ» ተግባራዊ ምግባር ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ ምዕባይ ዓቕሚ ምፍራይ ኢንዱስትሪታት ምምላእ እታዎታት ኣቕርቦት፣ ካብ ስራሕ ጠጠው ኢሎም ዝነበሩ ናብ ስራሕ ናይ ምምላስን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ ምዃኖም ገሊፆም፡፡

ኣብ በጀት ዓመት 2016 ምስ ትራንስፎርመር፣ ካብ መስመር፣ ካብ ቖፃሪን ፖልን ተተሓሒዞ ዘለዉ ፀገማት መፍትሒ ክረኽቡ ምግባር ከምተገብረ ብምግላፅ፣ ን247 መፍረይቲ ኢንዱስትሪታት 639 ሺሕን 500 ኪሎ ዋት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ምቕራቡ ተዛሪቦም፡፡

ኣፈፃፀምኡ ምስ ናይ 2015 ዓመት በጀት እንትነፃፀር፣ ናይ 83 ሺሕን 356 ኪሎ ዋት ወሰኽ ከምዘርኢ ኣማላኺቶም፡፡

ሕፅረት ትራንስፎርመር ንምፍታሕ ሰለስተ ሽሕን 197 ትራንስፎርመር ናይ ምፅጋንን ሓደ ሽሕን 468ን ስራሕ ምምምራት ትራንስፎርመራት ብናይ ውሽጢ ሃገር ኢንዱስትሪታት ምክንዋኑ ኣፍሊጦም፡፡

ብተወሳኺ ካብ እታዎታት፣ መሰረተ ልምዓት፣ ካብ ዝሰልጠነ ምቕራብ ሓይሊ ሰብ፣ ምድላው መስፍሕፋሕን መስርሕን ቦታ፣ ካብ ጉምርክ፣ ሎጂስቲክ ግልጋሎታት ተተሓሒዞ 2ሺሕን 573 ፀገማት ተፈልዮም፤ ሓደ ሽሕን 890 መፍትሒታት ክረኽቡ ምግባርን ኣፍቶም ዝቀረዩ 683 ድጋፍን ክትትልን እናተገብረ ከምዝኾነ ተዛሪቦም፡፡

ስራሕ ጠጠው ዘበሉ ኢንዱስትሪታት ብመንፅር ናብ ስራሕ ምምላስ «ኢትዮጵያ ታምርት ንቕናቔ» ምስተጀመረ ኣትሒዙ ብዝተገብረ ድጋፍን ክትትልን 771 ኢንዱስትሪታት ናብ ስራሕ ከምተመልሱ ኣረዲኦም፡፡

ኣብ ክልል ትግራይ ጥራሕ ብዝተገብረ ድጋፍን ክትትልን ምምራት ጠጠው ኣቢሎም ካብ ዝነበሩ መፍረይቲ ኢንዱስትሪታት ዝነኣሰ 248፣ ማእኸላይ 30 ከምኡ 'ውን እቲ ዝለዓለ 12 ብድምሩ 290 ኢንዱስትሪታት ናብ መፍረያይነት ከምዝኣተዋ ገሊፆም፡፡

ብኻሊእ ገፅ 60ሽሕን 729ን ነጥቢ 19 ሄክታር ፐላን ዝተዳለወሉ መሬት ንኢንዱስሪታት ከምተዳለወ ብምግላፅ፣ ካብዚ 24 ሽሕን 833 ነጥቢ 53 ሄክታር መሬት ካብ ሳልሳይ ወገን ናፃ ኮይኑ ንኢንዱስትሪታት ኣብ ምትሕልላፍ ከምዝርከብ ጠቕሞም፡፡

ከም ገለፃ እቶም ሓላፊ፣ ብመንፅር ምስሓብ ኢንቨስትመንት ብዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት 179 ቢልዮን ብር ካፒታል ዘመዝገቡ ሓደ ሽሕን 119 ሓደሽቲ ኢንቨስትመንትታት ምስሓብ ተኻኢሉ 'ዩ፡፡ ካብዚ 220 ናይ ደገ ቐጥተኛ ኢንቨስትመንት 'ዮም፡፡

ሓደሽቲ ኢንቨስትመንትታት ብምስሓብን ኢንዱስትሪታት ልዕል ናብ ዝበለ ደረጃ ብምስጋር ን272ሽሕን 34 ዜጋታት ቐዋሚ ስራሕ ዕድል ክፈጥር ከምዝኽኣለ ተዛሪቦም፡፡

ነቲ ዘፈር ብዝተዋሃበ ቆላሕታ ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት ጥራሕ 13 ነጥቢ 92 ሚልዮን ቶን እታዎት ቀሪቡ 'ዩ ክብሊ ገሊፆም፡፡

ብመንፅር ምምሕያሽ ኣቕርቦት ፋይናንስ ንላዕለዋት ኣፍረይቲ ኢንዱስትሪታት 54 ነጥቢ 8 ቢልዮን ብር ንታሕተዎትን ማእኸለዎትን ድማ 6 ነጥቢ 3 ቢልዮን ብር ልቓሕ ክቐርብ ክኢሉ 'ዩ ኢሎም፡፡

ኣቕርቦት ሸርፊ ወፃኢ ብዝምልከት ኣብዚ ሓለፈ በጀት ዓመት ጥራሕ 503 ነጥቢ 5 ሚልዮን ዶላር ክቐርብ ከምዝኽኣለ ወሲኾም ሓቢሮም፡፡

እቲ ምልዕዓል ካብ ዝጅምር ጀሚሩ ምምሕያሽ ስርዓት ሕግን ኣሳራርሓን ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ምህናፅ፣ ኢንቨስትመንት ምስሓብ፣ ናይ ቴክኖሎጂን ኢኖቬሽንን ዓቕሚ ምጉልባት፣ ዓቕሚ ምፍራይን ኣጣቓቕማን ምዕባይ፣ ናይ ኣፍረይቲ ኢንዱስትሪ ናይ ወፃኢን ኣታዊን ፍርያታት ከዐቢ ምኽኣሉ ኣብሪሆም፡፡

# ንኹስመዳያዊ ዕብየት ኢኮኖሚ


**መሰረት ገብረዮሃንስ**

**ትንታነ- ዜና**

ኢትዮጵያ ብዝሰርሐቶም ብዙሓት ስራሕቲ ልምዓትን ኢኮኖሚን ለውጥታት ቕልጡፍ ተኸታታሊ ዘለዎ ዕብየት ኢኮኖሚ ኣመዝጊባ 'ያ፡፡ ካብ ዓሰርተ ዓመት ትልሚ ልምዓት (2013 ክሳብ 2022) ከምዝተገለፀ ቅድሚ 2012 ዓ.ም ዝነበረ ተኸታታሊ ዕብየት ንዓመታት ምኽባር ዋጋ ዘስዐበ እንትኾን፤ ዘላቕን ኣታኣማማንን ዕድል ስራሕ ብዝተደለየ መጠን ብቐዋሚነት ኣይፈጠረን፡፡ እቲ ወፃኢ 'ውን ብዓብይ ልቃሕን ሓገዝን ዝተሸፈነ ስለዝነበረ ዓብይ ፅዕንቶ ልቃሕ ፈጢሩ 'ዩ፡፡ ከምኡ 'ውን ናይ ሸቐጣት ወፃኢ ንግዲ ኣፈፃፅማ እንትረአ ካብ ዝተወሰኑ ምህርቲ ሕርሻ ኣቕርቦት ተላቒቑ ብዓይነትን ብፅሬትን ብዝሓሸ መልክዑ ምህርቲ ብምብዛሕ ቀፃልን ኣተኣማማኒን ዝኾነ ሸርፊ ወፃኢ ንምእታው ኣይካኣለን፡፡ ማሕበራዊ ግልጋሎትን መሰረተ ልምዓት ዝርገሐ ዓብይ ናይ ፅሬት ፍትሓውነት ጉድለት ከምዘለዎም ኣብቲ ትልሚ ተቐሚጡ 'ዩ፡፡

ባዓል ሞያ ቑጠባ ቆስጠንጢኖስ በርሀ (ዶ/ር) ናይ ኢትዮጵያ መሰረተ ልምዓት ዝርገሐ ልዕሊ 200ሽሕ ኪሎ ሜትር መንገዲ ፤ ከም ግድብ ህዳሴ፣ ገልገል ጊቤ፣ ኮይሻን ካልኦት መፈልፈሊ ሓይሊ ግድባት፣ 13 ፓርክታት ኢንዱስትሪ፣ ልዕሊ50 ዩኒቨርሲታት ብዙሓት ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ብምህናፅ ናይ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ፖለቲካዊን ኩነታት ንምምሕያሽ ፃዕሪ እናገበረ ከምዝኾነ ይገልፁ፡፡

ዘፈር ሕርሻ 'ውን ብዘመናዊ መንገዲ እናተከኣነ ብኩታ ገጠም ስርናይ ሕርሻ ኣዕጋቢ ውፅኢት እናተርኣየ ይርከብ፡፡ ቻይና ኣሜሪካን ካልኦት ዝዓበዩ ሃገራት ቅድሚ





ሚኢቲ ዓመታት ልዕሊ 50 ሚኢታዊ ዝነበሮም ናይ ሕርሻ ምጣነ ሃብቲ ኸዚ ኽልተ ሚኢታዊ እናኾነ 'ዩ፡፡ በዚ 'ውን ሃገር ካብ ምምጋብ ሓሊፉ ናብ ካልኦት ሃገራት ኣብ ምልኣኽ ይርከቡ፡፡ ኹለመዳያዊ ዕብየት ኢኮኖሚ ንምምፃእ መንግስቲ ኢኮኖሚ ብምንታይ ዓይነት መልክዑ ምንቅስቓስ ከምዘለዎ ብምርዳእ ከም ኣድላይነቱ በቢግዚኡ ናይ ፖሊሲን ኣሰራርሓን ለውጥታት ምትግባር፣ ጥብቂ ቁፅፅር ምግባር፤ ሙስና ምዕጋት፣ ልዕልነት ሕጊ ምኽባር፣ ዝፀድቁ ፖሊሲን ኣሰራርሓን ተግባራዊ ምዃኖም ክግምገም ትፅቢት ይግበረልና፡፡

ከምኡ 'ውን መንግስቲ በቢትካል ሹመት ዝህቦም ኣመራርሓ ኣባል ፓርቲ ስለዝኾኑ ጥራሕ እንተይኾኑስ ሃገር ንምዕባይ ቁርፀኝነት ከምዘለዎ እናረጋገፀ ክኾን ይግባእ ዝበሉ እቶም ባዓል ሞያ፤ ከምዚ ዓይነት ለውጢ ንምምፃእ መንግስቲ ካብ ህዝባዊ ትካላት፣ ካብ ማሕበራት ሞያ፣ ካብ ቤት ምኽሪ ንግድን ካብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ማሕበረሰብ ብቕርበት ትፅቢት ከምዝግበረሉ ይገልፅ፡፡

ግብርና ውፅኢታዊ ንክኾን ፖሊሲ መሬት ምምሕያሽ ፣ዘመናዊ ኣተሓራርሳ ምኽታል፣ ኣብ ገጠር ናይ ሕርሻ ኢንዱስትሪ ኣክስዮን ብምምስራት ሓረስታይ፣ ባዓል ሃፍትን መንግስትን ብሓደ ብሽርክና ዘለዎ ሃፍቲ ብኣግባቡ ዘልምዕሉ ስርዓት ምፍጣር የድሊ፡፡

እናተሰርሑ ዝርከቡ ሓደ ሓደ ስራሕቲ ልምዓት ኣድላይን ጠቓምን እንተኾኑ 'ውን፤ ብምንፅር ሃገር ዘላቶ ነባራዊ ኩነታት እንትረአ ቅድመ ተኸተል ከምዝጎድሎም ዝገልፁ እቶም ተንታኒ፤ ኢትዮጵያ ዕረፍቲ ዘይህብ ብዙሓት ፀገማት ኣለዉዋ፤ ስራሕቲ ልምዓት 'ውን እንተኾነ ዝተፈላለየ ናይ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ምንቅስቓስ እንትገብሩ ብጭቡጥ ሃገር ዘላቶ ኩነታት ኣብ ግምት ውሽጢ ዘእተወን ቅድመ ተኸተል ብዝሓለወ መልክዑ ክኾን ኣለዎ ይብሉ፡፡

ዓለም ለኸ ዜና ስርጭት መልክዕ ኢትዮጵያ ምብሻው ኩነታት ይረአ 'ዩ፡፡ ብቢልዮናት ወፃኢ ተገይርሎም መባፅሒ ቱሪዝም ዝተሃነፁ ብዙሓት ፕሮጀክት ልምዓት ዑደተኛታት ረኺቦም ኣታዊ ንከኣትዉ እንድሕር ተደልዩ ኣብዚ ኸዚ እቲ ዋና ሰላምን ድሕንንትን ምርግጋፅ ኣድላይ 'ዩ፡፡

ኣብ ግድብ ህዳሰ ትኹረት ብምግባር ካብቲ ግድብ ዝርከብ ኣታዊ ምኽባር ዋጋ፣ ስእነት ስራሕ ፣ ድኽነትን ካልኦት ማክሮ ኢኮኖሚ ናህሪ ምርግጋዕ ከምዝካኣል ዝተዛረቡ እቶም ተንታኒ ፤ በዚ ጎኒንጎኒ በግብርና፣ትምህርት፣ ዴሞክራሲ ፣ሰላምን ድሕንነትን ምስራሕ ኹለመዳያዊ ዝሓቁፍ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ምምዝጋብ የድሊ ክብሉ ይመኽሩ፡፡



# ስፖርት



## በሪሁ ኣረጋዊ ዝደመቐሉ መጠቓለሊ ዳይመንድ ሊግ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

2024 ዳይመንድሊግ ውድድር ዓሰርተ ኣርባዕተ ከተማታት ኣባፂሑ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ብራስልስ ፍፃሚኡ ረኺቡ ‘ዩ፡፡ ናይ ድያመንድ ሊግ ጠቓላላ ተዓዋታይ ዝፍላየሉን ልዑል ነጥቢ ምስብሳብ ዘኽእሎ ናይቲ ውድድር ናይ መወዳእታ መባፅሒ ከተማ ዝኾነት ብራስልስ ኣብ ዝሓለፈ ዓርብን ቐዳምን ምሸት ብዝተፈላለዩ ርሕቐት ወሰንቲ ንሕንሕ ኣታኣናጊዳ ‘ያ፡፡

ዓርቢ ምሸት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ ተባዕትዮ 5ሽሕ ሜትሮ ትፅቢት ዝግበረሎም ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ብዓወት እንትዛዝሙ ኣትሌት በሪሁ ኣረጋዊ ድያመንድ ሊግ 2024 ናይቲ ርሕቐት ሓፈሻዊ ተዓዋታይ ኾይኑ ‘ዩ፡፡ ኣትሌታት ኢትዮጵያውያን ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ዘሎ ብርኪ ሒዞም ኣብ ዝዛዘምዎ ግዜ ፓሪስ ኦሎምፒክ 10ሽሕ ሜትሮ ተዓዋታይ ብሩር ሜዳልያ በሪሁ ኣረጋዊ 12፡43፡66 ሰዓት ቀዳማይ ብምኳን ዛዛሙ ‘ዩ፡፡ እዚ ድማ ናይ ዳይመንድ ሊግ ጎልደን ሊግ ተኪኡ ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2010 ጀሚሩ ምክያድ ካብ ዝጀምር መበል18 ኢትዮጵያዊ ተዓዋቲ ዝኾነ እንትኾን ፅዋዕ ኣልማዝን ናይ 30ሽሕ ዶላርን ተሸላሚ ኾይኑ ‘ዩ፡፡ በሪሁ 2021 ናይ 5ሽሕ ሜትሮ ተዓዋታይ ድያመንድ ሊግ ከምዝነበረ ዝዝከር እንትኾን፤ ድሕሪኡ በቲ ርሕቐቱ ድያመንድ ተዓዋታይ ዝኾነ ኢትጵያዊ ኣትሌት የለን፡፡

ኣብዚ ዓመት ውድድር ድያመንድ ሊግ ንሕንሕ ብዝተፈላለዩ ከተማታት እናተዓወተን ፈጣን ሰዓት እናመዝገበን ዝመፀ ኣትሌት ሓጎስ ገብረህይወት ኣብ ብራስልስ ብዓወት በሪሁ ተዛዚሙ ‘ዩ፡፡ በዚ ድማ 12፡44፡25 መበል ካልኣይ ኾይኑ ዛዚሙ ‘ዩ፡፡ ካልእ ኢትዮጵያዊ ኣትሌት ጥላሁን ሃይለ ብ12፡45፡63 መበል ሳልሳይ ብርኪ ብምሓዝ ከዛዝም ክኢሉ ‘ዩ፡፡ እዚ ውፅኢት ስዒቡ ሓጎስ ገብረህይወት 12ሽሕ ዶላር ከምኡ ‘ውን ጥላሁን ሃይለ ናይ 7ሽሕ ዶላር ተሸላሚ እንትኾን መበል ሓምሻይ ብርኪ ሒዙ ዝዛዘመ ዮሚፍ ቀጀልቻ ናይ 2500 ዶላር ተዓዋቲ ኾይኑ ‘ዩ፡፡

ብደቂ ተባዕትዮ 3ሽሕ ሜትሮ፣ መሰናኽል ጌትነት ዋለን ሳሙኤል ፍሬው መበል 7ይን 8ይን ብርኪ ሒዞም ብምዝዛሞም 1500ን 1000 ዶላር ተሸላሚ ኾይኖም ‘ዮም፡፡ በዚ ውድድር ኬንያዊ ኣሞስ ሳሬም እንተሸንፍ ናይ ኦሎምፒክን ቻምፒዮና ዓለም ሞሮካዊ ሶፊያን ኢል ባካሊ ካልኣይ ብርኪ ረኺቡ ‘ዩ፡፡

ብደቂ ኣንስትዮ 800 ሜትሮ ድማ ሃፍታም ኣለሙ ብ1፡59፡81 መበል 6ይ ብርኪ ሒዛ ብምዝዛም ናይ 2ሽሕ ዶላር ተዓዋቲት ኾይና ‘ያ፡፡ ኬንያዊት ሜሪ ሙራ ድማ ናይቲ ርሕቐት ተዓዋቲት ኾይና ‘ያ፡፡ ኣብ ብራስልስ ዳይመንድ ሊግ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ትፅቢት ዝግበረሎም ዝነበረ ውድድራት 5ሽሕ ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ሓደ እንትኾን 12 ኢትዮጵያውያን ተሳቲፎም ‘ዮም፡፡ እቶም 9 ውድድሮም እንትዛዝሙ እተን ሰለስተ ኣቋሪፀን እየን፡፡ ኣቲ ውድድር ድማ ካብ 2ይ ክሳብ 4ይ ዘሎ ብርኪ ብምድሓዝ ዛዚሞም ‘ዮም፡፡

ናይቲ ርሕቐት ክብረ ወሰን ዓለም ትሕቲ 20 ዓመት ኣትሌት መዲና ኢሳ ብኣትሌት ቢያትሪስ ቺቤት ብ11 ሰከንድ ተቐዲማ 2ይ ብርኪ ብምድሓዝ ዛዚማ ‘ያ፡፡ ካሊእቲ ኢትዮጵያዊት ፎትየን ተስፋዬ መበል 3ይ ኾይና እንተዛዝም እጅጋየሁ ታዬ መበል ራብዓይ ኾይና ዛዚማ ‘ያ፡፡ መልክናት ዉዱ መበል7፣ ፅጌ ገብረሰላማ መበል9 ብርኪ እንትሕዙ በላይነሽ ፋንታዬ እቲ ውድድር ከይዘዛመት ተሪፋ ‘ያ፡፡

ብተመሳሳሊ 1500 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ ብኣትሌት ድርቤ ወልተጂን ፌዝ ኪፕዮጎ መእኸል ናይ ምስዕዓር ንሕንሕ ዝተርኣየ እንትኾን ብማይክሮ ሰከንድ ፍልልይ ኪፕዮጎ ቀዳማይቲ ብምኳን ተዓዋቲት ኾይና ‘ያ፡፡ 3፡54፡75 እቲ ርሕቐት ዘሸነፈትሉ እንትኾን ናይቲ ውድድር ሓድሽ ክብረወሰን ኾይኑ ተመዝጊቡ ‘ዩ፡፡ ኣትሌት ድርቤ ድማ መበል2ይ ኾይና እንትዛዝም 3፡55፡25 ሰዓት ኣመዝጊባ ‘ያ፡፡ ኣውሰትራልያ ተወዳዳሪት መበል 3ይ ኾይና ዛዚማ ‘ያ፡፡ ፍረወይኒ ሃይሉ 4ይ ፣ብርቄ ሓየሎም8ይ ከምኡ ‘ውን ወርቅነሽ መሰለ 10ይ ብርኪ ብምድሓዝ ዛዚመን ‘የን፡፡

3ሽሕ ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ መሰናኽል ኢትዮጵያ ዝወከለታ ኣትሌት ሎሚ ሙለታ 10ይ ወፂኣ ‘ያ፡፡ ኣብቲ ውድድር ናይ ኬንያ፣ ባህሬንን ዩጋንዳ ኣትሌታት ካብ 1 ክሳብ 3ይ ዘሎ ብርኪ ብምድሓዝ ተዓወቲ ኾይነን ‘የን፡፡




## ባህላዊ ፀወታታት ጎቤን ሸኖዬን ኦሮሞ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኢትዮጵያ ካብ ዘለውዋ ሃፍቲ ኣብ እምነትን ባህልን ዝርከቡ ብዙሓት ‘ዮም። ከምኡ ‘ውን ብዙሕ ፅባቀ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ባሕላዊ መለወጢ ዘበን ኣለውዋ። ካብዚኦም ሸኖዬን ጎቤን ዝብሃል ኣብ ስርዓት ገዳ ውሽጢ ካብ ዝፍፀሙ ኣብ ባህላዊ ክብርታ ዝካተቱ መብሰሪ ዘመን መለወጢ ሓደ ‘ዩ።

ጎቤን ሸኖዬ ግመ ክረምቲ ወርሓት ሓሊፉ እዋን ቀውዒ ክኣትው እንትቃረብ ብመናእሰይ (ቀሬዎች) ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝግበር ባህላዊ ፀወታ ኾይኑ፤ እዚ ድማ መመላኸቲ ምምፃእ ወይ ምቕራብ በዓላት ሓዱሽ ዓመት፣ መስቐልን ኢሬቻን ተገይሩ ከም ዝውሰድ ‘ውን ‘ዩ ዝግለፅ። ብተወሳኺ ባህላዊ ኣመፃፅኡ መለወጢ ሓዱሽ ዘበን ንምብሳር እንኸውን፤ ኣብ ውሽጦም ዝሓለፉ ካብ ምምስጋን ብተወሳኺ ንቀፃሊ ዝመፅእ ዘበን ድማ ብሩህ ንክኸውን ትምኒቶም ዝገልፁሉ ከምዝኾነ ‘ውን ይሕበር።

እዚ ባህላዊ ፀወታ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ክልል ኦሮሚያ ዝፅወት ፀወታ ኮይኑ፤ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ሸዋ ቱለማ ብዝበሃሉ ማሕበረሰብ በቢዓመቱ ዝዝውተር ባህላዊ በዓል ‘ዩ። እዚ ፀወታ ዝፃወትዎ መናእሰይ በቢ ከባቢኦም ብጉጅለ ብጉጀለ ተኣኻኺቦም ‘ዮም። ብተወሳኺ እዚ ባህላዊ ፀወታ ከም መድረኽ መተሓፃፀይ ከምዝኾነ ‘ውን ‘ዩ ዝዝረብ።

እዚ ብዘይአተዋን ደናግልን ደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ናይ ሸኖዬ ፀወታ ከከም ኣከባቢኡ ብዝተፈላለየ መፅውዒ ከምዝፅዋዕ ዝግለፅ ኮይኑ፤ ንኣብነት ቁኒ ቡቅፈና፡ ቃሜ፣ እንግጫን ብዝበሉ መፀወዒ ኣለውዎ። በተወሳኺ ሺኖዬ ደቂ ኣነስትዮ ፀወታ ብስራት መለወጢ ዘበን እንትኾን ዘየእተዋን ደናግልን እየን ዝኾና፡፡ ናይዚ ምኽንያት ካብ ነሓሰ ክሳብ መስከረም ዘሎ እዋን ንሓዱሽ ዕላማ ንሓዱሽ ትልሚ ዝልዓዓልሉ ኣብ መሬት ዝተዘርአ ዘርኢ ብምብቋል ነቲ ሓረስታይ ተስፋ ዝርአየሉ እዋን ‘ዩ።

እዘን ፍረ ዘይረኣያ ኣጓላት ‘ውን ወሊደን ልክዕ ከም ምድሪ ተስፍኣን ለምሊሙ ከም ብቁሊ ምድሪ ንቀፃሊ ዝዕምብባ ተምሳሌት ብምኳነን ‘ዩ፡፡ እዘን ኣዋልድ ኣብዚ እዋን ግዝኤን ስለዝኾነ ከምድሌተን ንክፃወታ ዝኾነ ይኹን ከልካሊ የብለንን ዘተናኾለን ‘ውን የለን፡፡ ከም ቆፅሊ ኣሸንዳ /ቁኒ/ እንግጫ ኣሲረን ፀጉረን ኣደ ጀሌ ዝብሃል ባህላዊ ኣሰራርሓ ተሰሪሐን ካብ ገዛ ናብ ገዛ እናኸዳ ኣሸንዳ /ቁኒ እናሃባ ይምርቃ ብምላሹ ከዓ ገንዘብ ከምዝወሃበን ‘ዩ ዝግለፅ።



ብተመሳሳሊ ጎቤ ድማ ብመናእሰይ ደቂ ተባዕትዮ ዝኸበር ኮይኑ፤ ነናብ ገዛ ሰባት እናተዞረ ልዕሊ ሰሙን ዝፅወት ባህላዊ መግለፂ ብስራት ሓዱሽ ዓመት ከምዝኾነ ይንገር። እዚ ‘ውን ከምቲ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ብዝተፈላለየ መፀውዒ ከም ጎቤም፣ እዮሼ፣ ደሬናን እዮሌን ዝበሉ ስማት ይፍለጥ።

ከም ገለ ፀብፃባት ድማ እዚ በዓል ምምፃእ ክረምቲ ተኸቲሉ ሩባታት ስለዝመልኡ ኣባ ገዳታት ናብ ሸምግልናን

## መኣዲ ጥበብ

ካልኦት ማሕበራዊ ግልጋሎታት ንምሃብ ስለዝፅገሙ ካብ ሰነ 30 ጀሚሩ ክሳብ ነሓሰ 16 እቶም ኣባገዳ ኣብ ሜዳ ሓደ ዕንጨይቲ ተኺሎም ርሑስ ሸንብራ ሒዞም ካብቲ ከባቢ ርሕቅ ናብ ዝበለ ጎቦ ብምውፃእ ጊና ወይ ንሰሃ ኣትዮም ንዋቃ ወይ ንፈጣሪ እቲ ክረምቲ ብሰላም ኣሕሊፍና ዝተረሓሓቀ ዘመድ ኣዝማድ ብሰላም ብጥዕና ኣፅኒሕኻ ኣራኺብካ ፍቅርን ሓድነትን ሃበና ብምባል ይልምኑ:: መናእሰይ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ኣባገዳ ጊና ወይ ንስሃ ካብ ዝኣተውሉ እዋን ጀሚሩ ካብ ገዛ ናብ ገዛ እናዞሩ ርሑስ ሳዕሪ እናሃቡ ብምላሹ ድማ ሙኩት በጊዕ እናተቀበሉ ዓቅሙ ዘይፈቅዱ ሰብ ገዛ ድማ መሪቆም ብምሕላፍ እቲ ኣባገዳ ክሳብ ካብ ንስሃ ዝምለስ ነበርቲ እቲ ከባቢ ኣባገዳ ምኻዱ ተኸቲሎም እንጨይቲ እናደመሩ ክሳብ ነሓሰ 16 እናተፀበይዎ ይፀንሑ ይብሃል::

እቲ ኣባገዳ ካብ ጊና ወይ ንስሃ እንትምለስ ኩሎም ብሓደ ደው ዘበልዎ ምሳሌ ካብ ፀለማት ናብ ብርሃን መሰጋገሪ ዝኾነ ሚጂሪ /ደመራ / በሓባር የብርሁ መናእሰይ ደቂ ተባዕተዮ ናይ ጎቤ ፀወታ ንኣዋርሕ ዝተኣኻኸብዎም ሙኪታት ብዓበይቲ እናተመረቁ ኣመስቀላ/ካለኣይ ሕረዱ/ እናተብሃሉ ኣበቲ ዝተደመረሉ ጓህሪ ጠቢሶም ብምብላዕ ፀወታ ጉቤ ይዛዘም ይበሉ::

ኣብዚ በዓል ብኽልቲኡ ፆታ ብባህላዊ ኽዳንን መጋየጺታትን ደሚቆም በቢጉጀልኦም ኮይኖም ዝፃወትሉን ኣብቲ ማሕበረሰቦም ድማ ፅቡቕ ተቀባልነት ዘለዎም ከምዘኾነ ‘ዩ ዝሕበር። ብፍላይ መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ገዛ ገዛ እናዞራ ኣብ ዝፃወታሉ ግዘ ዘሕልፈኦ መልእኽትን ምርቃትን ኣብቲ ሕብረተሰብ ተሰማዕነትን ከምዘለወንን ‘ዩ ዝዝረብ።

በዚ መሰረት ኣብ ኣዲስ ኣበባን ከባቢኡን ቢሮ ባህልን ቱሪዝም ኦሮሚያ ብዘተሓባብሮ እዚ ባህሊ ብግቡእ ኣብ ኩሉ ንክፋለጥን ንምዕባይን ፃዕሪ እናገበረ ዝርከበሉ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ። ናይዚ በዓል ፌስቲቫል ‘ውን እናተዳለወ ካብ እዋን ናብ እዋን እናወሰኸ ዝኸደሉ ኩነታት ይርኣይ ኣሎ፡፡

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ